ትሕዝቶ

ኣርእስቲ	ገጽ
መልእኽቲ ሻሎም	2
ንቕሑን ጸልዩን ዎች ማን ኒ	3
ኩሉ ነገር ንሰናይ	5
ኩሉ ንሰናይ እዩ	6
ብቃል እግዚኣብሄር ዘይተደገፉ ልምምድ ሓደገኛ እዩ	7
ቶማስ ኤዲሰን	10
ሕግን ጸጋን	10
ሓዳር ንሓጐስ ወይስ ንመከራ	13
ኣብ ሓዳርና ከመይ ኢና	17
ምስክርነት ፓስተር ፓርክ	20

Shalom
Wehazi selam
E-Letter
hibretchristians@gmail.com
South Africa

መልእኽቲ - ሻሎም

እግዚኣብሄር ጸጋኡን ምሕረቱ ኣብዚሑልና ፡ ነንመዓልቲ ጾርና ጼሩ ፡ ንኣና ድኹማት ከም ሓጢኣትና ከይከደ ፡ ከሳብ ኣብዛ ሰዓት ረዲኡና ፡ ብህይወት ን2017 ሓሊፍናያ ኣሎና ። ብሓቂ ብዘይ ምሕረቱስ ሓንቲ እኳ ኣይምተረፈናን። ብዙሕ እኳ ላዕልን ታሕትን ዝበዝሓ ዓመት እንተ ነበረት ፡ ጐይታ ግና ፍቓዱ ስለ ዝኾነ ፡ ከምዚ ኢልና ንሓድሕድና ብሕብረት ፍቕሪ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ፡ ከሳብ ኣብዚ ረዲኡና ኣሎ ። ስሙ ይባረኽ ፡ ስም የሱስ ይኽበር ይመስገን። ንሕናስ ክንምካሕ እንተኾይንና ብድኻምና ጥራይ ኢና ክንምካሕ ። ብርታዔና ፡ ሓይልና ፡ ክልእለትና፡ ምስትውዓልና፡ ህይወትና ፡ የሱስ እዩ ።

እምበኣር በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ፡ መጽሄት ሻሎም ነዚ ዝስዕብ ሰለስተ ነጥብታት ብምሕረት ኣምላኽ ንኹሎም ኣሕዋት ፡ መልእኽታ ተመሓላልፍ ኣላ ፡ -

ፍቱዋት ኣሕዋት ፡ ምሕረት ዘይገበርናሉ ሰብ እንተሎ ፡ ሕጂ ክንገብረሉ ይግብኣና ። ንሕና ውን ብዙሕ ምሕረት ዝተገብረልና ኢና እሞ ምሕረት ንግበር ። ንሓውና ዝጸላእናዮ ፡ ሎሚ የብቅዕ ፡ ምሕረት ካብ ልቢ ንግበር ። ክርስትና ብምሕረት ኢኻ እትጅምሮ ፡ ብምሕረት ከኣ ትጓዓዞ ህይወት እዩ ። ስለዚ ኣብ ሰማይ ምስ ኪድና ንኣና ውን ምሕረት ክግበረልና ምእንቲ ፡ ንርእስና ክጥዕመና ምእንቲ ፡ ንኹሎም ዝበደሉና ምሕረት ንግበር ። እቲ ዝኸበደ ፡ ብፈተውትኻ ክትፍተን ከሎኻ እዩ እሞ ፡ ኣሕዋተይ ፡ እቶም ፈተውትና እዮም ዝበልናዮም ግናኸ ዝበደሉና ፡ ደጊም ገጹ ኣየርእየኒ ፡ ዝበልናዮም ፡ ምሕረት ካብ ልቢ ንግበረሎም ።

ፍቁራት ኣሕዋት ፡ ስለ መንእሰያት ፡ ስለ ህጻናት ፡ ስለ ሽማለታት ፡ ስለ እሱራት ፡ ስለ ዝጨነቐም ፡ ስለ ዝሓመሙ፡ ስለ ኣብ ሓጢኣት ዘለዉ ፡ ስለ ምድርና ፡ ስለ ኩሎም ህዝቢ ፡ ንንቃሕ ንጸሊ ፡ ብጸሎት ንንቃሕ ። ስለ ኣብ ዙርያና ዘለዉ ኩሎም ሰብ ፡ ገጽ እግዚኣብሄር እናደለና ፡ ንጸሊ ። እግዚኣብሄር ክበጽሖም ። ስለ ኣገልገልቲ ፡ ስለ ቤተ ክርስትያን ፡ ስለ ጓሶት ፡ ስለ ዘመርቲ ፡ ስለ ብሕቡእ ዘገልግሉ ፡ ገጽ እግዚኣብሄር እናደለና ንጸሊ ።

ፍቱዋት ኣሕዋት ፡ ሓደ ነገር ክንርድኦ ዘሎና ኣሎ ፡ ኣብ ዙርያና ክሕገዙ ዘለዎም ስኡናት ፡ ድራር እለቶም ዝሰኣኑ ከም ዘለዉ ክንዝክር ይግብኣና ። ንእኣም ክንገብረሎም ከሎና ፡ ንጐይታ ከም ዝገበርናዮ ክንስሕቶ የብልና ። ስለዚ ካብ ዘሎና ምምቓል ክንዝክር ይግብኣና ። ምሃብ ክንለማመድ ይግብኣና እዩ ።

እምበኣር ከምዚ ኮይንና ክንመላለስ ፡ እግዚኣብሄር ጸጋኡ የብዝሓልና ። ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2018።

ሻሎም

ወሓዚ ሰላም



ንቐሑን ጸልዮን

ዎች ማን ኒ

"ብኹሉ ጸሎትን ልማኖን ኩሉ ሳዕ ብመንፈስ
እናጸሌኹም እሞ፡ ምስናይ እዚውን ብኹሉ
እናተጸመምኩም፡ ስለ ኹሎም ቅዱሳን ብጸሎት ንቐሑ"

ኣብ ህይወት ክርስትና ፡ ከም ጊዜ ጸሎት ንመጥቃዕቲ ዝፍተን ካልእ ጊዜ የለን ። ንጸሎት ጊዜ የብልናን ኢልና ብኽምኡ ኢና እንቐበሎ ። ስለዚ እዩ ከኣ ፡ ንቐሓት እንተዘይኴንና ፡ ብኽምኡ ክንጽሊ ኣይንኽእልን ኢና ።

እቲ ዝገርም ፡ ንምብላዕ ፡ ንምዝንጋዕ ኣጋይሽ ፡ ናብ እንዳ ሰብ ክንበጽሕ ፡ ካልእ ብዙሕ ነገር ክንገብር ፡ ጊዜ ኣሎና ። ንጸሎት ዝኽውን ጊዜ ግና ክንረክብ ኣይከኣልናን፡ ዘደንጹ እዩ ። ዝሓለፈ ምሽት ፡ ንኣብነት እታ መዓልቲ ብሓቂ ከይጸለኻ ከም ዝሓለፈት ፡ ትእመን ኢኻ ። ስለዝኾነ ፡ ጽባሕ ጊዜ ክረክብ እየ እሞ ገዛእ ርእሰይ ንጸሎት ክህብ እየ ፡ ኢልካ ወሰንካ ። እንተ ኾነ ፡ ጽባሕ በታ ቆጸራ ጊዜ ጸሎት ፡ ገለ ሰብ ኣብ ቅድሚ ማዕጾ ቤትካ ኮይኑ ይኹሕኩሕ ፡ ካልእ ሰብ ከኣ ብውሽጢ ቤትካ ኮይኑ ይደልየካ ። እቲ ዝገርም ፡ ኣብ ካልእ ጊዜታት ኩሉ ነገር ህዱእ እዩ ። ኣብታ ናይ ጸሎት ጊዜ ግና ፡ ብዙሕ ዘይልሙድ ነገራት የጋጥም ። ንኻልእ ዝኽውን ጊዜ ምስ እትደሊ ፡ ጊዜ ትረክብ ። ንጸሎት ዝኽውን ጊዜ ምስ እትደሊ ጥራይ እዩ ፡ ክትረክብ ዘይክኣለካ ። ብዙሓት እዮም በዚ ዘጋጥም ዝግረሙ ።

ስለዚ ኣሕዋተይ ፡ <u>ንጸሎት ምንቃሕ ከምዘድልዮ ክንዝክር የድልየና</u> ። የዚንትና ከፊትና ፡ ክንነቅሕ የድልየና። ጊዜ የብለይን ኢልና ፡ ንጸሎት ብኽምኡ ሸለል ክንብሎ የብልናን ። ክንድኡ ግና ፡ ስለምንታይ ከምኡ ይኽውን ክንምርምር ይግብኣና ። በጃኹም ፡ እዚ ኹሉ ናይ ሰይጣን ምኽኑ ርግጽ ንግበር ። ንሱ ካብ ጸሎት ምእንቲ ከብኩረና ፡ ብዕላማ ነዚ ዕንቅፋት ክርብሽና ኢሉ ከምዝገብሮ ፡ ርግጽ ንግበር ።

ብግልጺ ክንዛረብ ፡ ሎሚ ክርትያናት ጽቡቕ ዘይጽልይሉ ምኽንያት ፡ ኣሚንቶም ነቒሑም ነዚ ጉዳይ ስለ ዘይምርምሩን ሸለል ስለዝብሉን እዩ ። ስለዚ ፡ ክርስትያናት ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኮነ ንኻልእ ኣገልግሎታት ጊዜ ኣለዎም ፡ ንጸሎት ዝኽውን ጊዜ ግና የብሎምን ። ኣብዚ እዩ ኽኣ ሰይጣን ዝዕወተሎም ። ንሱ ፡

ኣመንቲ ንጸሎት ጊዜ እንተዘይብሎም ፡ ክጽልዩ ኣይክእሉን እዮም እሞ ንሱ ብዝኾነ ከምዘይድረት ፡ ይፈልጥ እዩ ።

ኣብ ቅድሜና ኩሉ ጊዜ ገለ ሓደገኛ ከምዘሎ ንፈልጥ ኢና እሞ ፡ ስለዚ ኢና እንነቅሕ ። ኣብ መሐለዊና ኣብእንኾነሉ ጊዜ ፡ ጸላኢ ኣብ ከባቢ ስለዘሎ እዩ ። ሓደጋ ዘየለ እንተዝኽውን ወይ ጸላኢ ዘየድበየ እንተዝኽውን ፡ ምንቃሕ ዝብሃል ኣይመድለየናን ነይሩ ። ብኻልእ ቃላት ፡ ምንቃሕ ዘድልዮ እንተሎ ፡ ጸላኢ ወይ ገለ ሓደጋ ኣሎ ማለት እዩ ። ስለዚ ኣብ ጊዜ ጸሎትን ምህለላን ፡ ንቐሓት ክንከውን ኣሎና። ንጸሎት ጊዜ ክንረክብ ኣሎና ። ክሳብ ጊዜ ዕረፍቲ ረኺብና ፡ ንጸሎት ዝኾነና ጊዜ ክንረክብ እንተ ተጸበና ፡ ክንጽሊ ዕድል ኣይክንረክብን ኢና ። ኣቱም ኩልኹም ፡ ናይ ምምላድ ዕዮ ከተካይዱ እትደልዩ ወይ ውን ኣብ ህይወት ጸሎት ግስጋሰ ከተርእዩ እትደልዩ ፡ ንጸሎት ዝኽውን ጊዜ ክትፈልዩ ከድልየኩም እዩ ። እምበኣር ነታ ዝወሰንናያ ጊዜ ንሓልዋ ፡ ኣጽኒዕና ከኣ ንሓዛ ። ኣምላኽ ንጸሎት ዝኽውን ጊዜ ክህበና ፡ ንለምኖ ። ናይ ጸሎት ጊዜና ክትሕሎ ክንጽሊ ይግብኣና ። ናይ ጸሎት ጊዜና ከይትጠፍእ ንጸሊ ። ንሳ እንተጠፊኣ ክንጽሊ ኣይንኽእልን ኢና ።➔

እቶም ንኣምላኽ ከገልግልዎ ዝደልዩ ፡ ናይ ጸሎት ጊዜኦም ንገዛእ ርእሶም ዝፍልየሉ ጊዜ ምኺኑ ኣብ ሓሳቦም ከቋጽርዎ ይግብኦም ። ሓደ ጊዜ ኣንድሪው ሙሪይ ከምዚ ኢሉ ፡ እቲ ንጸሎት ዝኸውን ምዱብ ጊዜ ዘይብሉ ጸሎት የብሉን ፡ ኢሉ። ንጸሎት ዝኸውን ፍሉይ ጊዜ እንተዘይፈሊና ፡ ሓደኳ ንጸሎት ዝኸውን ጊዜ ክረክብ ኣይክእልን እዩ ። እዚ ጥራይ ኣይኰነን ፡ ግናኸ ሰብ ንጸሎት ዝኸውን ጊዜ ምስ ፈለየ ውን፡ ነታ ጊዜ ንምሕላው ክጽሊ ይግብኣ ። ጸላኢ ከይምንዝየ ከኣ ፡ ንዘለዎ ጊዜ ብጸሎት ክቕጽሮ ይግብኣ ። እቲ “እናተጸመምኩም . . ንቕሑ” ዝብል ቃል እዚ እዩ ትርጉሙ ። ነፍሲ ወከፍ ክርስትያን ሰለ ዘለዎ ናይ ጸሎት ጊዜኡ ክነቅሕ ይግብኣ ።

ካልኣይ ክንጥንቀቕሉ ዘሎና እንተሎ ፡ “ኣብ ጊዜ ጸሎት” እዩ ። ንናይ ጸሎት ጊዜና ጥራይ ኣይኰናን ክንጥንቀቕሉ ዘሎና ፡ ግናኸ ነቲ ጊዜ ጸሎት ኣብሊጽና ክንጥቀመሉ ክንነቅሕ ይግብኣና ። ክርስትያን ከም ኣብ ጊዜ ጸሎት ካብኡ ንላዕሊ ዝጥቃዓሉ ጊዜ የልቦን ። ኣብቲ ንቡር ጊዜታትካ ኣእምሮኻ ጽሩይ እዩ ፡ ሓሳባትካ ከኣ ጥርኑፍ እዩ ዝኸነልካ ። ግናኸ ኣብ ጊዜ ጸሎት ፡ ሓሳባትካ ኮብለል ክብል ይጅምር እሞ ክደናገር ይጅምር ። ናበይ ከም ትጠልቕ ከምዘሎኻ ውን ኣይትፈልጥን ። ክትጅምር ከሎኻ ሓይልኻ ምሉእ ነይሩ ፡ ክትጽሊ ክትጅምር ከሎኻ ግና ፡ ኣካላትካ ብኡብኡ ድኻም ይስምዖ እሞ ፡ ክትድቅስ ትደሊ ። ኣብ ካልእ ኩነታት ፡ ምስ ሰብ ከም ንቡር ክሳብ ለይቲ ሰዓት ዓሰርተው ሓደ ወይ ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ትዛረብ ፡ ወይ ውን ክሳብ ዝወግሕ ነቒሕካ ትሰርሕ ። ግናኸ ጌና ሰዓት ትሸዓተ ከሎ ፡ ክትጽሊ እንተፈተንካ ከም መድሃኒት ዝወሰድካሲ ኬድካ ክትድቅስ ትደሊ ። ኣብ መጀመርታ ጽቡቕ ከም ዝነበርካ ፡ ክትጽሊ ክትጅምር ከሎኻ ግና ንምንታይ ድኻም ይስምዓካ ኣይርድኣካን ። ካልእ ነገር ክትገብር ከሎኻ ኣብታ ጊዜ መንፈስካ ንቕሕ ይመስል ፡ ኣብታ እትጽልየላ ህሞት ግና እቲ ብርቱዕ መንፈስካ ክደክም ይጅምር ።

ናይዚ መግለጺ ከኣ ፡ ሰይጣን ካብ ጸሎት ክዓናቕፈካ ኢሉ እዩ ። ንሱ ነቲ ምስ ሰማያዊ ዝርርብ ክበትኮ ስለዝደሊ እዩ ፡ ምኽንያቱ ንሓይሊ ጸሎት ይፈልጦ እዩ ። ንሱ ጸሎት ክሳብ ክንደይ ከምዝድርቶን ፡ ጸሎት ካብ ሰማይ ከመይ ዝበለ ሓይሊ ከምዘውርድ ይፈልጥ እዩ ። እዚ ስለ ዝኾነ ፡ ጸላኢ ንጸሎትካ ዝያዳ ዅሉ እዩ ከጥቅዕ ዝመጽእ ። ንሱ ነዚ መስመር ዝርርብ ንቕርጾ እንተዘይጽዒሩ ፡ ብዙሕ መከራ ከምዝረክብ ኣርጊጹ ይፈልጥ እዩ ።

እምበኣር ነዚ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ከመይ እንተገበርና ኢና እንዕወተሉ ፧ ካልእ መገዲ የለን ፡ ግናኸ ንቕሕ ምኺን እዩ ። ስለዝኾነ ፡ ቅኑዕ ዝኾነ ኣጠቓቕማ ጊዜ ጸሎትን ከምኡውን ነታ እዋን ጸሎት ንባዕላ ፡ ክንሕልዋ ይግብኣና። ስለዚ ኣዒንትና ይንቅሓ ፡ እንተዘይኰነ ሎሚ ጽቡቕ ኣይስምዓንን እዩ ዘሎ እናበልና ብኣታሓሳስባና ክንታለል ኢና። እዚ ግና ናይ ጸላኢ ፍሕሶ ምኺኑ ክንፈልጦ ይግብኣና። ኣብ ጊዜ ጸሎት ፡ ድኻም ምስ ዝስምዓና ወይ ሓሳብና ናብ ዘይደለናዮ ምስዝኸይድ ፡ ከም ንቡር ኣይንርኣዮ ፡ ናይ ጸላኢ ምትላል ምኺኑ ኣይንስሓቶ ።

እምበኣርሲ ኣሕዋተይ ፡ ንንቃሕ ፡ ናይ ጸሎት ጊዜና ክሕሎ ከኣ ጸሎት ንጠቕም ። ንናይ ጸሎት ጊዜና ብጸሎት ንቕጸሮ ። ዕዮ ጸሎት ቅድሚ ምክያድና ፡ ብዘይ ዕንቅፋት ክንጽሊ ፡ ንጐይታ ንለምኖ ። ብመንፈስ ክንጽሊ ፡ ብደም የሱስ ክንሕሎ ንጸሊ ። ንጐይታ ከምዚ ንበሎ “ጐይታ ፡ ንጸሎተይ ሓሉ ፡ ብሓይሊ ነቒሐ ክጽሊ ፡ ብዘይ ዕንቅፋትን ድኻምን ክጽሊ ደግፈኒ።”

እምበኣር ብሕጽር ዝበለ ፡ ኣብ ክልተ ነገራት ክንነቅሕ ይግብኣና ። ቀዳማይ ፡ ሰይጣን ናይ ጸሎት ጊዜና ከይምንዝዓና ክንጥንቀቕ ይግብኣና ። ካልኣይ ፡ ኣብታ ዝመደብናያ እዋን ከኣ ፡ ብግቡእ ነታ እዋን ንዕዮ ጸሎት ክንጥቀመላ ሓይሊ ክህበና ጐይታ ክረድኣና ክንጽሊ ይግብኣና ። ምንጪ ባላንስድ ክርስቲያን ላይፍ ዎች ማን ኒ።

--ሻሎም--ወሓዚ--ሰላም--

ኩሉ ነገር ንሰናይ

“ነቶም ንኣምላኽ ዜፍቅሩ፡ ከም ምኽሩውን እተጸውዑ ግና ኩሉ ንሰናዮም ከም ዚድግፎም፡ ንፈልጥ ኢና።” ሮሜ 8፡28።

ኣምላኽ ንህይወትና ሰናይ ነገር እዩ ዝደሊ ። ሕማቕ ነገራት ክገጥመና ከሎ ፡ ሓድሓደ ጊዜ ንገዛእ ርእስና ከምዚ ኢልና ንሓትት “ኣምላኽ ነዚ ክኸውን ንምንታይ ፈቒዱ ፧” ንብል ። ኣብዚ ቃል ግና ኩሉ ነገር እዩ ዝብለና ፡ ኩሉ ድኻምና ፈተናታትና ፡ ዝገጥመና ፈጻሜታት ፡ ንሰናይና እዩ።

ህይወት ሰልፊ ዘምልኣ ኩነታት እያ ፡ ቁጠባዊ ቅልውላው ፡ መስበርቲ ልቢ ፡ ስእነት ስራሕ ፡ ካብ ተፍቅሮ ምፍልላይ ፡ ሕማም ወዘተ ። ከምዚ ነገር ኪጋጥመና ከሎ ፡ ነዚ ነገር ንጽቡቕ ፍጻሜ ከም ዝገብሮ ንእኡ ክንእመኖ ይግብኣና ። ኣብቲ ጊዜ ምናልባት ኣይመስልን ይኸውን ፡ ኣይንርድኣን ውን ንኸውን ፡ ግናኸ ብርግጽ ኣምላኽ ከም ቃሉ ንሰናይና ክገብሮ እዩ ።

ብዙሕ ሳዕ ንህይወትና ጽቡቕ ወይ ክፉእ ኣየናይ ምኻኑ ቀልጢፍና ኢና እንውስን ። ዝበዝሐ ጊዜ ገለ ሕማቕ ነገር ኪጋጥመና ከሎ ፡ ኣምላኽ ንጽቡቕና ሓሲብዎ ከሎሲ ፡ ነቶም ኣብ ጥቓና ዘለዉ ከመይ ሕማቕ ነገር ከምዝገጠመና ክንነግር ኢና እንጐይይ ። ንርእሰና ክንገትእ ይግብኣና ፡ ከምዚ ክኣ ኣይንበል “እዚ እቲ ዝኸፍአ እዩ” ወይ “ኩሉ ነገር ኣብ ህይወተይ ሕማቕ እዩ” ምባል ነቋርጽ ምኽንያቱ ቃል ናይቲ ኹሉ ዝኽእል “ኩሉ ነገር” ንሰናይና ከምዝድግፈና እዩ ዝነግረና ።

ሓድሓደ ጊዜ ፡ ሓደ ዝኹነ ነገር ባዕልና ኮነ ኢልና ንገብር እሞ ንሰናይና እዩ ፡ ንብል ። ንኣብነት ብመገዲ እሾኽ ከምዘሎ እናፈለጥኩ ንብሽክለታይ ተሰቒለ እንተ ኸድኩ ፡ ንሰናየይ ክኸውን ኣይክእልን እዩ ። ምኽንያቱ ኮነ ኢለ እየ ከምኡ ዝገብር ዘለኹ ። ከምኡውን ፡ ብመገዲ ሓጢኣት እናፈለጥኩ እንተኸድኩ ፡ ንሰናየይ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ ።

መጽሓፍ ቅዱስ ግና “ነቶም ንኣምላኽ ዜፍቅሩ፡ ከም ምኽሩውን እተጸውዑ ግና ኩሉ ንሰናዮም ከም ዚድግፎም፡ ንፈልጥ ኢና።” ይብለና ። ኣብ መስርሕ መስቀል ኣምላኽ ፡ እቲ ነገራት ብገዛእ ርእሶም ክፉእ እዩ ። ኣምላኽ ግና ከም ሓደ ሰነ ቀመም (ኬሚስት) ኣሕቢሩ የቃምሞ እሞ ንምሕዋይ ይገብሮ ።

መብዛሕትና ኣብ መኣድና ገለ ጨው ንቕርብ ኢና ። ጣውላ ጨው ፡ ሶድየምን ክሎራይድን ዝተብህለ ባእታታት ኣለዎ ። ብገዛእ ርእሱ ፡ ሶድየም ዝቕትል ስሚ እዩ ፡ ከምኡውን ክሎራይድ ዝቕትል ባእታ እዩ ። ግና ጨው ኣብ መኣድና ኣሎ ። ጨው ንምግቢ የመቅሮ እዩ ፡ ብመጠኑ ጨው ንጥዕናን ንህይወትናን ዝገድስ እዩ ። ኣብ ስርዓት ኣካላትና ብዘይ ጨው ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና ።

ኣምላኽ ነቶም ሕማቕ ኩነታት ዝበሃሉ ፡ ብጥበቡን ብፍቕሩን ንሰናይና ይድግፈና እዩ ። ንሱ ዝገብሮ ክብርን ዘደንቕ ተስፋን ይህበና ።

ኣብ ልዕሊ ሓጢኣትን ሰይጣንን ዓወት ብክርስቶስ ከምዘሎና ንፈልጥ ኢና ። ኣብ መልእኽቲ ሮሜ ከም ዝነግረና ከኣ ኣብ ልዕሊ ኩነታትና ውን ዓወት ኣሎና ። ኩሉ ንሰናዮም ከም ዚድግፎም ፡ ይብለና ።

ብዛዕባ እዚ ፡ ሓሙሽተ ነጥበታት ክንጠቅስ ፡ -

<u>ርግጽነት</u>

እቲ ቀዳማይ ርግጽነት ናይቲ ተስፋ እዩ ። እታ ጥቕሲ “ንፈልጥ ኢና” እያ እትብል ። እዚ ግምታዊ ነገር ኣይኮነን። ምናልባት ውን ኣይኮነን ። እዚ ጽኑዕ ዝኾነ ርግጽነት ዘለዎ እዩ ። “ነቶም ንኣምላኽ ዜፍቅሩ፡ ከም ምኽሩውን እተጸውዑ ግና ኩሉ ንሰናዮም ከም ዚድግፎም፡ ንፈልጥ ኢና።” ተስፋ ንገብር ንሰናዮም ክኸውን ፡ ኣይኮነን ዝብለና ዘሎ ፡ ዘይተረጋገጸ ሓቂ ኣይኮነን ። ምኽሪ ኣምላኽ ከም ዝበንን ኣይኮነን ፡ ኣብ ምዱብ ጊዜኡ ዝፍጸም እዩ ።

ንሰናይ ከም ዝኾነ ርግጸኛታት ንኹን ። ንሕና ብተስፋ ቃሉ ኢና እንነብር ።

<u>ፍጻሜነት</u> ። እቲ ካልኣይ ነገር ፍጻሜነት ናይቲ ቃል እዩ። ኣምላኽ ብዘለናዮ ኩነታት ይምህረና እዩ ። ንሱ መጀመርታ ነቲ ፈተና ይህበና ፡ ብድሕሪኡ እዩ ነቲ ምህሮ ዝህበና ። ብመከራ ይምህረና እዩ ። ናይ ዮሴፍ ንዘክር ። ነቲ ኹሉ ዝሓለፎ ሓሳረ መከራ ንሕሰብ ፡ ንሱ ናብ ጉድጓድ ተደርብዩ ፡ ከም ባርያ ተሸይጡ ፡ ብዓመጽ ሓሶት ተኽሲሱ ። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከኣ ኣትዩ ።

ዮሴፍ ግና ድሕሪ'ዚ ኹሉ ንድሕሪት ጠሚቱ ከምዚ ናይ ሮሜ 8፡28 ክብል ከሎ ንርእዮ ፡ "ንስኻትኩም ንኽፉኤይ ሐሰብኩም፡ እግዚኣብሄር ግና፡ ከምቲ ሎሚ ኾይኑ ዘሎ ኺገብር ብዙሕ ህዝቢ ምእንቲ ኼድሕን፡ ንጽቡቕ ሐሰበ።" ዘፍ 50:20 ።

<u>ዓስቢ ናይቲ ተስፋ</u> ። እቲ ሳልሳይ ከኣ ዓስቢ ናይቲ ተስፋ እዩ ። "ነቶም ንኣምላኽ ዜፍቅሩ፡ ከም ምኽሩውን እተጸውዑ ግና ኵሉ ንሰናዮም ከም ዚድግፎም" ይብለና። ከም ልማድ ኣይንርኣዮ ፡ ኩሉ ንሰናይ እዩ ፡ እዩ ዝብለና ዘሎ ። ኣምላኽ ሕጂ ውን ህያው እዩ ። ነዚ ነገር ዝበሎን ፡ ዓስቢ ናይዚ ተስፋ ዝህብን ንሱ ባዕሉ እዩ ።

<u>ኩነታዊ ተስፋ</u> ። እዚ ኹሉ ነገር ንሰናዮም እዩ፡ ዝብል ቃል ኩነታዊ -Conditional- እዩ ። እቲ ኩነታዊ ዝገብሮ ከኣ ፡ ነቶም ንኣምላኽ ዘፍቅሩ ጥራይ እዩ እዚ ተስፋ እዚ ።

ገለ ሰብ ካባና ንላዕሊ ብኣገባብ ቅዲ ኣዘማምራ ዝበለጸ መዝሙር ይዝምር ይኸውን ፡ ካልእ ከኣ ካብቲ ንሕና ክንምህሮ እንኽእል ብዝበለጸ ሰነ ምምህርና ክምህር ይኽእል ይኸውን ፡ ካባና ንላዕሊ ይሰብኽ ይኸውን ፡ ካባና ንላዕሊ ክመርሕ ይኽእል ይኸውን ፡ ካባና ንላዕሊ ውን ክህብ ይኽእል ይኸውን ። ግናኸ ንኣምላኽ ከነፍቅር ከ ንኽእልዶ ፧ እዚ እዩ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ንኣምላኽ ዘስምሮን ዘኽብሮን ። እታ ቐዳመይትን ዝዓበየትን ትእዛዝ "ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳብካን ኣፍቅሮ" ማቴ 22:27 ፡ እያ ።

<u>ውጽኢቱ</u> ። እቲ ሓምሻይ ከኣ ፡ ዕላማ ናይቲ ቃል እዩ ። እቲ ቃል ብዛዕባ እቶም ከም ምኽሩ እተጸውዑ እዩ ። ምኽሩ እንታይ እዩ ፧ ኣብ ሮሜ 8:28 – 29 ከምዚ ነንብብ "ነቶም ንኣምላኽ ዜፍቅሩ፡ ከም ምኽሩውን እተጸውዑ ግና ኵሉ ንሰናዮም ከም ዚድግፎም፡ ንፈልጥ ኢና። ነቶም ቀደም ዝፈለጦም፡ ንሱ ንብዙሓት ኣሕዋትሲ በኹሮም ምእንቲ ኪኸውን፡ ንምስሊ ወዱ ኺመስሉ ቐደም መደቦም።" እዚ እዩ እቲ መልሲ ። እቲ ኩሉ ንሰናይ ይድግፎም እዩ ዝተባህለ እንታይ እዩ ፧ እቲ ሰናይ ፡ ንምስሊ ወዱ ጐይታ የሱስ ክንመስል እዩ ።

እቲ ዝለዓለ ሰናይ ነገር እንታይ እዩ ፧ ዝያዳ እቲ ብጥዕና ደው ምባልና ፡ ዝያዳ እቲ ናይ ናብራና ምስላጥ፡ ዝያዳ ኹሉ ንምስሊ ወዱ ክንመስል እዚ እዩ እቲ ሰናይ ዝበሃል ። ስለዚ ኩሉ እንሓልፎ ንጊዜኡ ንሕማቕ እኳ እንተመሰለ ፡ ሓንትስ ብፍቕሪ ኣምላኽ ንመላለስ እምበር ፡ ንሰናይና እዩ። ጐይታ ይባርኽኩም ። --ሻሎም--ወሓዚ--ሰላም--

ኩሉ ንሰናየይ እዩ

ሓደ ንኹሉ ዘጋጠሞ ዘበለ 'ንሰናየይ እዩ' ኢሉ ዝኣምን ፡ ዓርኪ ንጉስ ነበረ ።

እቲ ንጉስ ፡ ናብ በረኻ ኬድካ ሃድን ምህዳን ይፈቱ ነበረ። ካብ መዓልታት ሓደ ጊዜ ከኣ ፡ ክልቲኣም ኣዕሩኽ ክሃድኑ ኢሎም ናብ በረኻ ከዱ ። ንጉስ ጠበንጃኡ ጌሩ ይትኩስ ፡ እቲ ዓርኩ ከኣ ጠያይት የቕብሎ ነበረ ። እቲ ንጉስ ቀቀልጢፉ ይትኩስ ስለ ዝነበረ ፡ እቲ ዓርኩ ከኣ ቀቀልጢፉ ክህቦ ከሎ ፡ ከይፈለጠ ጐነጾ እሞ ፡ ንጉስ ተኩሱ ንገዛእ ኣጻብዕቱ ብጥይት ቆረጻ ። በዚ ኽኣ ኣዝዩ ጉህዩ "ኣታ ዓርኪይ ንስኻ ምስ ጐነጽካኒ እኳ እየ ጻብኺተይ



ተቐሪጻ” በሎ ። እቲ ዓርኩ ከኣ “ደሓን ክቡር ንጉስ ፡ ንሰናይካ እዩ እኮ” በሎ ።

ንጉስ በዚ ተናዲዱ “ብሰርኻ ጻብዒተይ ተቐሪጻሲ ፡ መሊስካ ከኣ ንሰናይካ እዩ ኢልካ ትላገጸለይ ኣለኻ” ፡ ኢሉ ናብ ቤት ማእሰርቲ ዳጐኖ ። በዚ ከኣ ንነዊሕ እዋን ተኣስረ።

ድሕሪ ሓያለ ዓመታት ፡ ንጉስ ክሃድን ኢሉ ናብ ርሑቕ ቦታ ተጓዕዘ ። ከይተረድኦ ከኣ ፡ ኣዝዩ ኣርሒቑ ስለ ዝኸደ፡ ናብ ካልኦት ዓሌት ሕብረተሰብ ኣተወ ። እቶም ዓሌት ፡ ንጣኣቶም መስዋእቲ ሰብ ምቕራብ ልማድ ነበሮም እሞ ፡ ነቲ ንጉስ ሒዞም መስዋእቲ ክገብርዎ ልብሱ ኣውጺኦም ፡ ጥራዩ ገበርዎ ። ከቃጽልዎ ኢሎም ከኣ ኣብ ዕንጸይቲ ኣጋደምዎ ። ንጣኣቶም ጐደሎ ዘይብሉ መስዋእቲ እዮም ዘቕርቡ ። ግናኸ ንንጉስ እንተኣሰትብሃሉ፡ ሓንቲ ካብ ጻብዒቱ ጐደሎ ብምንባራ ፡ ነዚ ሰብ ኔው በልዎ ኢሎም፡ ፈነውዎ ። በዚ ኸኣ ንጉስ ካብ ሞት ደሓነ ።

ንጉስ ናብ ቤቱ ተመልሰ ፡ ህድእ ኢሉ ክሓስብ ከኣ ጀመረ እሞ ፡ ነቲ ዓርኩ “ንሰናይካ እዩ” ዝበሎ ዘከረ ። ነቲ ዓርኩ ከኣ ናብ ቤት ማእሰርቲ ከይዱ ፡ “እቲ ንሰናይካ እዩ ዝበልካኒ ብሓቂ ንሰናየይ ኮነ ፡ ይቕሬታ ግበረለይ” በሎ።

እቲ ዓርኪ ንጉስ ከኣ “ ዎ ንጉስ ፡ እዚ ኣነ ተኣሲረዮ ዘለኹ ውን ንሰናየይ እዩ” በሎ ። እቲ ንጉስ ከኣ “ማእሰርቲ ደኣ ከመይ ኢሉ እዩ ንሰናይካ ዝኾነ ፧” ክብል ሓተቶ ። ዓርኪ ንጉስ ከኣ “እወ ፡ ኣነ እንተዘይእሰር ኔረ ፡ እቶም ዝሓዙኻ ዓሌት ፡ ንክልቴና ምሓዙና ኔሮም ፡ ንስኻ ጐደሎ ስለዝኾንካ ንኣኻ ለቒቖም ፡ ንኣይ ግና ንስኻ ጐደሎ ኣይኮንካን ኢሎም መስዋእቲ መቕረቡኒ” በሎ ።

ኣሕዋተይ ፡ ብሓቂ ብብዙሕ ኩነታት እኳ ንሓልፍ እንተኾንና ፡ ማእሰርቲ ውን እንተኾነ ፡ ግናኸ ኣምላኽ ንሰናይና ክቕይሮ ከምዝኽእል ንእመን ። ጐይታ ሰናይ እዩ፡ ሓንትስ ስፍራና ኣይንሕደግ፡ ምስኡ ዘሎና ሕብረት ኣይንሕደግ ። ክብሪ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ይኹን ።

--ሻሎም--ወሓዚ--ሰላም--

ካብ ቅዱስ ቃሉ

ብቃል እግዚኣብሄር ዘይተደገፈ ልምምድ ሓደገኛ እዩ

መልሰ ወጉ

ኣብ መንፈሳዊ ምንቅስቓስ ዘለዎ ቦታ ፡ ብዙሕ ሳዕ ነቲ ሓቂ ዝመስሉ ናይ ሓሶት ዝኾኑ ልምምዳት ክርኣዩ ፡ ጋሻ ነገር ኣይኮነን ። ኣብ ዘመንና ጥራይ ዘይኮነ ፡ ኣብ ዘመን ሃዋርያት ውን ዝነበረ ሸግር እዩ ። ነዚ ብምርዳእ ሃዋርያ ጳውሎስ “ግናኸ ንሕና እኳ እንተ ኾንና ወይስ መልኣኽ ካብ ሰማይ፡ ብዘይ እዚ ንሕና ዝሰበኽናልኩም ወንጌል ካልእ ወንጌል እንተ ሰበኽልኩም፡ ንሱ ውጉዝ ይኹን።” እናበለ ንኣመንቲ የጠንቅቕም ነበረ ፡ (ገላ 1:8) ። ንትምህርቲ ሓሶት ምኽንያት ካብ ዝኾኑ ናይ ሓሶት መምህራን ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣመንቲ ውን ንባዕሎም እዮም። ነቶም ክምህርዎም ዝጽውዕዎም መምህራን “ገለ-ገለ ድሌታትና ከማልኡልና እዮም” ኢሎም ዝኣምኑሎም እዮም ። ጳውሎስ ብዛዕባኡም ክጽሕፍ ከሎ “ኣእዛኖም ኣስሕይዎም ደኣ፡ ብትምኒት ርእሶም መምህራን ኪእክቡ እምበር፡ ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ዘይዕገሱሉ ዘመን ኪመጽእ እዩ፡ ሽዑ ኣእዛኖም ካብ ሓቂ ኺመልሱ፡ ናብ ጽውጽዋያትውን ኪምለሱ እዮም እሞ፡ ብኹሉ ዓቕልን ብምህሮን እቲ ቓል ክትሰብኽ፡ ብጊዜኡን ብዘይጊዜኡን ከተስምዕ፡ ክትገንሕ፡ ክትቀጽዕ፡ ክትምዕድ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ ቅድሚ እቲ ንህያዋንን➔

ምዉታንን ኪፈርድ ዘለዎ ክርስቶስ የሱስን በቲ ምግላጽ መንግስቱን ኤማሕጽነካ አሎኹ።" (2ጢሞ 4: 3-4)።

ሀ. ነቲ ስሕተት ዝኾነ ክንሕብርን ክንእርምን ሓላፍነት ኩላትና እዩ

ኣብ ሓድሓደ ኣብያተ ክርስትያናትን ከምኡውን ኣብ ናይ ብሕቲ ኣገልግሎት ጸሎትን ሓድሓደ ካብ መስመር ዝወጸ ልምምድ ብግልጺ እኳ እንተ ተራእዩ ፡ "ዝቃወሙና ክትንስኡና እዮም ፡ ንስራሕ መንፈስ ቅዱስ ይቃወሙ ኣለዉ፡ ብዓል እከል ኣብዚ ጉዳይ ኣዝዮም ስለ ዝግደሱ ክትንስኡና እዮም ፡ ደገ ኣገልግሎትና ከዕጽዉልና እዮም" ኢልና ብምፍራሕ ፡ ኣብ ጊዜኡ ክእረምን ክስተኻኽልን ዝግብኡ ነገራት ፡ ከየተኣረሙ ይተርፉ ። ሓድሓደ መራሕቲ ቤተ ክርስትያን ካልእሲ ይትረፍ ፡ ኣብ ቤተ ክርስትያናዊም ዝርኣዩ ዘይጥዑያት ዝኾኑ ልምምዳት እኳ እንተሃለዉ "ዝቃወሙና ክትንስኡና እዮም" ኢሎም ብምፋራሕ ፡ ካልእ ካብ ቤተ ክርስትያናዊም ወጻኢ ዝኾነ ሰብ መጺኡ ክምህረሎም ዝጽበዩሉ ጊዜ ኣሎ ። ብኻልእ ወገን ከኣ ፡ ሓድሓደ ሰብ "ኣከራኻሪ ወይ ድማ ዘተሓታትት ዝኾኑ ትምህርታት ኣይትተንክፉ ፡ ኣይትምሃሩ ፡ ሕንፍሽፍሽ ይፈጥር እዩ ፡ ንበዓል እከለ ትነቅፍ ዘሎኻ እዩ ዘምስል ፡ ትም ኢልኩም ብዛዕባ ፍቕሪ ክርስቶስ ጥራይ ስበኹ" ዝብሉ ውን ኣለዉ ።

ርግጽ እዩ ፡ ብዘይሃሲ መገዲ ፡ ንማንም ሰብ ዕንቅፋት ክኸውን ብዘይክእል ነገራት ክንዛረብ ኣድላይነቱ ኣይርኣየናን እዩ ። ይኹን እምበር ፡ መሰረታዊ ዝኾኑ ትምህርቲ እምነት ተጠውዮም ክውሰዱ ከለዉን ፡ ካብ መስመር ዝወጹ ልምምዳት ክትግበሩ ከለዉ ፡ ትም ኢልና ክንርኢ ከሎና ፡ ኣብ እግዚኣብሄር ተሓተትቲ ስለ እንኸውን ፡ "ሰብ ክቕየሙኒ እዮም" ኢልና ብምፍራሕ ትም ኢልናሲ ክንሓልፍ ኣይግብኣናን። መጽሓፍ ቅዱስ "<u>ኣቱም ኣሕዋተየ፡ ሓደ ኻባኻትኩም ካብ ሓቂ እንተ ዘምበለ፡ ሓደ ኸኣ እንተ መለሰ፡ እቲ ንሓጥእ ካብ መገዲ ጌጋኡ ዚመልሶ፡ ንነፍሱ ኻብ ሞት ከም ዜድሕን፡ ብዝሒ ሓጢኣትውን ከም ዝኸድን፡ ይፍለጥ።</u>" ይብለና ያእ 5፡19-20። ስለዚ "እዚ ጉዳይ ብኸምኡ ዘይምርድዳእ ዝፈጥር እዩ" ኢልና ኩላትና ፈሪሕና ምስ እንስሕት መን እዩ ክእርመና ፧

ለ. ናይ ጥንቲ ክርስትያናት ስሕተት ንዝኾነ ይሕብሩን ይእርሙን ነበሩ ።

መንፈስ ቅዱስ በቲ ኣባና ዝሰርሖ መስተንክር ዕዮ ባህ ክብለና ከሎ ፡ በቲ ሓደ ሽነኽ ግና ብምኽንያት ድኻም ሰብ ዝፍጠሩ ሓድሓደ ዘይሃንጹ ልምምዳት ፡ ከስፋሕፍሑ ክንርኢ ከሎና ፡ ኣዝዩ ቅር ይበልና ። እዞም ስሕተታት ሱር ከይሰደዱ ከለዉ ብጊዜኣም ምስዝስተኻኽሉ ብዙሓት ኣይክሰናኽሉን እዮም ። እቲ ሽግር ግና ፡ ተቢዑ እዚ ከምዚ ስሕተት እዩ ዝብል ፡ ምስ ቃል ኣምላኽ ይገራጭ እዩ ኢሉ ዝምህር መን እዩ ፧ መን ይምዓድ ፧ ሓድሓደ መምህራን ፡ ተቐባልነት ክረኽቡ ክብሉ ጥራይ ሓድሓደ ቅኑዕ ዘይኮነ ልምምዳት ኣብ ኣገግልግሎቶም ክቀላቐል ይርኢ እዩ ። ንምኽኑ እቶም ናይ ጥንቲ ቀዳሞት ክርስትያናት ነቲ ዝኣመንሉ ክዛረብሉ - ነቲ ቅኑዕ ዘይመስሎም ነገር "ቅኑዕ ኣይኮነን" ንኽብሉ ይፈርሑዶ ኾን ነይሮም እዮም ፧

ኣብነታት ንውሰድ ፡ -

1. እስከ ካብ ጐይታ የሱስ ንጀምር ። ክርስቶስ ሰናይ ፡ ለዋህ ፡ ትሑትን ነበረ ። ይኹን እምበር ሓጢኣት ክርእይ ከሎ ግና "ሓቢረ ክነብር" ብምባል ደባቢሱ ዝሓልፎ ኣይነበረን ። ንፈሪሳውያን ብትብዓት ከምዚ በሎም "ኣቱም ግቡዛት ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን፡ ወጻኢኡ ጽቡቕ ኮይኑ ዚርኤ፡ ውሽጡ ግና ኣዕጽምቲ ምዉታትን

ርኽሰትን ዝመልኤ ልቕሉቕ መቓብር ትመስሉ አሎኹም እሞ፡ ወይለኹም። ከምኡ ድማ ንስኻትኩም ብላዕሊ ንሰብ ጻድቃን መሲልኩም ትረኣይዎ፡ እቲ ውሽጥኹም ግና ግብዝናን ዓምጻን ምሉእ እዩ። ኣቱም ግቡዛት ጸሓትን ፈሪሳውያንን፡ መቓብር ነብያት ትሰርሑ፡ መቓብር ጻድቃንውን ትስልሙ አሎኹም እሞ፡ ወይለኹም።" ማቴ . 24፡ 27።

ካብ ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ ፡ ካብ ታሪኽ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ዝነበሩ ፡ ታሪኽ ቤት ክርስትያን ምስ እንምርምር ፡ መራሕቲ ነቲ ዝኣመንዎ ነገር ገዛእ ርእሶም ምሉእ ብምሉእ ዝሃቡ ከምዝነበሩ ኢና እንርኢ ።

2. ኣብ ካልኣይ ክፍለ ዘመን ዝነበረ ጳጳስ ኩይኑ ዘገልግል ዝነበረ ኢራኒየስ የሊዮንስ ዝብሃል ሰብ ነበረ ። ቅድሚኡ ዝነበረ ፖቲነስ ዝብሃለ ነበረ ፡ ብኢድ ማርክስ ኣውሪለስ ክመውት ከሎ ፡ ኢራንየስ ኣብ ስፍራኡ ነበረ ነዚ ኽኣ ብዓይኑ ረኣየ ። ይኹን እምበር ፡ እዚ ከየሰምበዶን ከየፍርሆን መልእኽቱ ከይተበረዘ ከየለስለሰን ብሓይልን ብስልጣንን ተመሊኡ ብምምሃሩ ፡ ቁጽሪ ዘይብሉ ሰብ ልቡ ናብ ክርስቶስ ከቕንዕ ገበረ ።
3. ሓደ ኣሪጅን ዝብሃል ሰብ ፡ ኣቦኡ ሊዮኒዳስ ኣብ እምነቱ ጸኒዑ ደው ብምባሉ ክመውት ከሎ እኳ እንተረኣዮ ፡ እቲ ኩነታት ከየሰንበዶን ከየፍርሆን ፡ በርቲዑ ደው ብምባሉ፡ ትብዓቱን ጽንዓቱን ዘቕጥዖም ቀተልዎ ።
4. ኣብ ሳልሳይ ክፍለ ዘመን ዝነበረ ፡ ከሪሶስተም ዝብሃል፡ ነቲ ኣብ ጊዜኡ ዝነበረ ሓጢኣት ፡ ነቲ ኣብ ሕብረትሰቡ ዝግበር ዝነበረ ግፍዕን በደልን ርእዩ ትም ከይበለ ፡ ብትብዓት ተቓውሞኡ ብምስማዕ ካብ ሃገሩ ተሰጉ፡ ስደተኛ ኩይኑ ከኣ ፡ ኣብ ስደት ሞተ ።
5. ኣብ መበል ፲ ክፍለ ዘመን ዝነበረ በርናርድ ክሌርቫክስ ዝብሃል ፡ ዝሰበኾ ስብከት ፡ ብፍላይ "ተሰማሚዕካ ምንምባር ፡ ርግእ ኢልካ ብጥበብ ምምልላስ እዩ" ይብል ነበረ ። ሓደ ጸሓፊ ታሪኽ ብዛዕባ በርናርድ ከምዚ ኢሉ መስከረ "በርናርድ ብትሕትና ዝተመልአ ሰብ ነበረ ። ግናኸ ኣብቲ ዝኣመነሉ ነገር ክዛረብ ከሎ ፡ ብምሉእ ልቢን ብጽኑዕ መንፈስን እዩ ዝዛረብ ። ከምዚ ብምዝራቡ ከኣ ዘይወላወልን ይቕሬታ ክሓትት ኣለኒ ዘይብል ጽኑዕ ነበረ" በለ ።
6. ማርቲን ሉተር ውን ፡ ካብቶም ዝድግፍዎ እቶም ዝቃወምዎ ቁጽሮም ኣዝዩ ምስ በዝሐ ፡ መልእኽቱ "ኣይንጸላእ ! ተሰማሚዕና ንንበር" ዝብል ኣይነበረን። ንሱ ግና "ኣብ ቅድሚ ህዝቢ መቕምየይ ይቕይር ኣለኹ፡ እምነተይ ክሒደ ኣለኹ !" እንተዘይኢሉ ካብ ቤተ ክርስትያን ከምዝግለል ምስተነግሮ ፡ "እንሆ ደው ኢለ ኣለኹ ፡ ዎ እግዚኣብሄር ብልበይ ካብ ዝኣመንኩሉን ዝተቕበልክዎን ሓዲገ ካልእ ከይዛረብ ደግፈኒ" ብምባል ጸልዩ ፡ ክሳብ መጨረሻ ጸኒዑ ደው ከምዝበለ ታሪኽ ይምስክረልና እዩ ።
7. ጆን ኖክስ ዝተባህለ ኣገልጋሊ ፡ ኣብ ቅድሚ ንግስቲ ሜሪ ብትብዓት ደው ኢሉ ብምዝራቡ ፡ ንግስቲ ሜሪ እናበኽየት "ካብ ዓሰርተ ሽሕ ወተሃደራት ዘለዎ ሰራዊት ፡ ናይ ጆን ኖክስ ጸሎት እዩ ዘፍርሃኒ" በለት ። እዛ ኣብ ዘመኑ ካብ ዝነበሩ ነገስታት ኩሎም ሓይልን ስልጣንን ዝነበራ ንግስቲ ሜሪ ንጆን ኖክስ ከምዚ በለቶ "ብዝተኻእለኒ መጠን ክትፈትወንን ክትቅበለንን ኢለ ዘይገብርክዎ ጻዕሪ የለን ። ኣብ ዘድልየካ ጊዜ ገጸ በረከት እኳ እንተሃብኩኻ ፡ ነቶም ዝሰምዑኻ ሰብ ክእከቡ እንተ ገበርኩ ፡ ኣየመስገንካንን ። በዚ ኹሉ ዝበደልካኒ ፡ ካብ ሕጂ ንድሓር ተዓጊሰካ ክሓልፍ ስለዘይክእልን ክቕየመካ እየ ።" በለቶ ። ጆን ኖክስ ውን ክምልሰላ ከሎ "ክብርቲ እመቤት ፡ ኣነ ጐይታ ናይ ርእሰይ ኣይኮንኩን ፡ ፊት ንፊት ብቕጥታ ፡ ብዘይ ገለ ምትሕብባል ቃል ፡ ስጋ ለባሲ➔

ንዝኾነ ሰብ እቲ ዝበለኒ ክዛረብ ፡ ነቲ ዝኣዘዘኒ ጐይታ ጥራይ እየ ዝእዘዝ ።" በላ ።

8. ናይ ቀደም ኣሜሪካዊ ሰባኺ ፡ ፒተር ካርትራይት ድማ፡ ወንጌል ክሰብኽ ኢሉ ናብ ሓንቲ ከተማ ምስ በጽሐ ፡ ኣብ በሪኽ ደው ኢሉ ብትብዓት ተመሊኡ በለ "ኣብዚ ከተማ ሲኣል - ሲኣል ይሽትተኒ ኣሎ" ። ከምዚ ዝበለ ትብዓት ኣብ ኣደባባይ ኣይኰነን ፡ ኣብ መድረኽ ቤት ክርስትያን ውሽጢ እኳ ኣይትደፍርን ኢኻ ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ሰብ ምሉእ ትብዓት እንተዘይህልዎም ዕዮኣም ኣይምፈጸሙን ። ነቲ ኣብ ልብና ዘንብሮ ቃል ብዘይፍርሃት ከነመሓላልፍ ንርእስና ከነለማምድ ይግብኣና ።

"እምነትኩም ብስልጣን ኣምላኽ እምበር፡ ብጥበብ ሰብ ምእንቲ ኽይትሰረትሲ፡ ዘረባይን ስብከተይን ድማ ብምርዳእ መንፈስን ስልጣንን እምበር፡ ብዜስድዕ ዘረባ ጥበብኣይነበረን።" (1ቈረ. 2:4) ።

--ሻሎም -- ወሓዚ -- ሰላም

ቶማስ ኤዲሰን

ቶማስ ኤዲሰን ነዛ ሎሚ ኣብ ጸልማት እተብርሃልና ዘላ መብራህቲ ኣምጡል ዝመሃዘ ሰብ እዩ ። ቶማስ ንእሽቶይ ተምሃራይ ከሎ ፡ ኣብ ቤት ትምህርቱ መምህሩ ንቶማስ ስለ ዘይተረድኦ ፡ ሓንቲ ደብዳቤ ጽሒፉ ነዲኻ ሃባ ኢሉ ዓጽዩ ሃቦ ። ቶማስ ነታ ደብዳቤ ከይከፈተ ነዲኡ ሃባ ። ኣዲኡ ነታ ደብዳቤ ከፊታ ኣንበበታ ፡ ከምዚ ከኣ እያ ትብል ፡ እዚ ወድኹም ናይ ኣእምሮ ጸገም ስለ ዝገበረ ንእኡ ክንሕግዞ ከኣ ስለ ዘይንኽእል ኣብዚ ቤት ትምህርትና ካብ ጽባሕ ኣይምጻእ ኣብ ቤትኩም ምሃርዎ ፡ ዝብል ነበረ ። ኣዲኡ ነዚ መልእኽቲ ምስ ኣንበበት ፡ ከይተዳህለት ንቶማስ ወዳ ከምዚ ክትብል ነገረቶ ፤ "እዚ መምህርካ ዝብለካ ዘሎ ፡ እዚ ወድኹም ኣዝዩ በሊሕ ስለ ዝኾነ ንእኡ ዝበቅዕ ትምህርቲ ስለዘይብልና ኣብ ቤትኩም ኮይኑ በይኑ እንተ ኣጽንዐ ይሓይሽ" ኢላ ነገረቶ ። ቶማስ በዚ ኣዲኡ ዝበለቶ ፡ ተተባቢው ፡ ብዙሕ ምርምራት ከካይድ ጀመረ ። ኣብ መጨረሻ ከኣ ኣብቲ ጊዜ መብራህቲ ኤሌክትሪክ ስለዘይነበረ፡ መብራህቲ ክምህዝ ወሰነ ። 9999 ጊዜ ከኣ ፈተነ ኣካየደ ፡ ኣብ መበል 10000 ከኣ ፈተንኡ ዕዉት ኮይኑ ኣምጡል መብራህቲ ኤሌክትሪክ ኣብርሀ ። ብድሕሪኡ ኣዲኡ ዓረፈት። ቶማስ ብሞት ኣዲኡ ኣዚዩ ጎሃየ ። ንመጻሕፍቲ ኣዲኡ እናገናጸለ ከሎ ከኣ ነታ መምህሩ ዝጸሓፋ ደብዳቤ ረኸባ እሞ፡ ኣንበባ ። ኣዲኡ ክሳብ ክንደይ ከም እተፍቅሮ ከምዝነበረት ዝያዳ ተረድኦ እሞ ብፍቕራ በኸየ ።

ካብዚ እንምሃሮ ፡ ሓደ ፡ ንሰብ ኣይትኽእልን ኢኻ ኢልና፡ ተስፋ ዘቕርጽ ቃላት ካብ ኣፍና ኣይነውጽእ ። ካልኣይ ፡ ንሰናይና ምኂኑ ፈሊጥና ፡ ተስፋ ከይቆረጽና ክንመላለስ ይግብኣና ። ሰይጣን ንሰኻ ብቑዕ ኣይኰንካን ክብለና ይኽእል እዩ ። ግናኸ እግዚኣብሄር ምሳና እዩ እሞ ፡ ካብቲ ዝተባህለልና ጉዕዞ ንድሕሪት ኣይንመለስ ።

ሻሎም -- ወሓዚ -- ሰላም --

ዓምዲ- ትምህርቲ

ሕግን ጸጋን

መጽሓፍ ቅዱስ "ሕጊ" ክበልና ከሎ ፡ ነቲ ኹሉ ኣምላኽ ንሙሴ ዝሃቦ ትእዛዛት ዘመልክት እዩ ። እዚ ትእዛዛት ኣምላኽ ፡ ሰለስተ ክፋላት ኣለዎ ፡ ሲቪላዊ ፡ ስርዓታዊ ፡ ሞራላዊ ሕግታት ። እዚ ሕግታት ንህዝቢ ኣምላኽ ካብቶም ኣብ ዙርያኣም ዝነበሩ ካልኦት ኣህዛብ ንምፍላይ ፡ ከምኡውን ንሓጢኣት ንምግላጽ እዩ ፡

"ሕጂ ኸኣ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩ ተናዘዙ፡ ፍቓዱውን ግበሩ፡ ካብ ህዝብታት እዛ ሃገርን ካብተን ጓኖት ኣንስትን ተፈለዩ በሎም።" እዝ 10፡11 ። "ሕጊ ኽሳዕ ዚመጽእ፡ ሓጢኣት ኣብ ዓለም ነበረ እሞ፡ ኣብቲ ሕጊ ዜብሉ ግና ኣብኡ ሓጢኣት ኣይቑጸርን እዩ።" ሮሜ 5፡13 ።

“7 እንታይ ደኣ ክንብል ኢና፤ እቲ ሕጊዶ ሓጢኣት እዩ፤ ያእ ኣይፋሉን። ብዘይ ሕጊ ግና ንሓጢኣት ኣይምፈለጥክዎን ነይረ። እቲ ሕጊ፡ ኣይትመነ፡ እንተ ዘይብልሲ፡ ንትምኒት ኣይምፈለጥክዎን ነይረ።” ሮሜ 7፡7 ።

እቲ ሕጊ ከምዘብርሃልና ፡ ሰብ ንኣምላኽ ንምስማር ገዛእ ርእሱ ከንጽህ ከምዘይክእል እዩ — እዚ ማለት ፡ እቲ ሕጊ ንኣና መድሓኒ ከምዘድልየና እዩ ዝገልጸልና ።

ኣብ ጊዜ ሓድሽ ኪዳን ፡ መራሕቲ ሃይማኖት ንሕጊ ኣምላኽ ወሲዶም ናታቶም መምርሒታትን ልምድን ኣእተውሉ ፡ “ንሱ ኽኣ በሎም፡ ኣቱም ግቡዛት፡ ከምቲ ጽሑፍ፡ እዚ ህዝቢ እዚ ብኽናፍሩ የኽብረኒ፡ ልቦም ግና ካባይ ርሑቕ እዩ። ግናኸ ምህሮ ስርዓት ሰብ እናመሃሩ፡ ብከንቱ እዮም ዜምልኹኒ ዚብል፡ ኢሳይያስ ብዛዕባኹም ጽቡቕ ተነበየ። ትእዛዝ ኣምላኽ ሐዲግኩም፡ ስርዓት ሰብ ትሕልዉ ኣሎኹም፡ ከም ምሕጻብ ጣሳን ዕትሮን ፡ ብዙሕ ካልእ ድማ ነዚ ዚመስልን ትገብሩ ኣሎኹም።” ማር 7:7-9 ።

እቲ ሕጊ ሰናይ እኳ እንተኾነ ፡ ግናኸ ንሓጢኣተኛ ልቢ ሰብ ክቕይር ሓይሊ የብሉን ፡ ድኹም እዩ ። ከምቲ ንፈሪሳውያን እተባህለሎም ፡ ሕጊ ምሕላው ጸቕጥን ንምጻሩ ከቢድን እዩ ። “ነሱ ኽኣ በለ፥ ንስኻትኩም ፈለጥቲ ሕጊ ድማ፡ ንሰብ ከቢድ ጾር ተሰከምዎ፡ ባዕላትኩም ግና ነቲ ጾር ብሓንቲ ኣጻብዕኩም እኳ ኣይትትንክይዎን ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም።” ሉቃ ፲፡ 46።

እምበኣር ኣብ ከምዚ ኩነታት እዩ - የሱስ መጺኡ ፡ ነቶም ግቡዛት ፈራዶ ሕጊ ዝተጻረሮም ። እቲ ሕጊ ዝሃበ የሱስ ወዲ ኣምላኽ ግና ከምዚ በለ “ንሕጊ ኹነ ወይስ ንነብያት ክፍጽሞም እምበር፡ ክስዕሮም ዝመጻእኩ ኣይመሰልኩም።” ማቴ 5፡17 ። እቲ ሕጊ ክፉእ ኣይኮነን ፡ ንልቢ ሰብ ዝፍትሽ መስትያት እዩ ፡ “እንታይ ደኣ ክንብል ኢና፤ እቲ ሕጊዶ ሓጢኣት እዩ፤ ያእ ኣይፋሉን። ብዘይ ሕጊ ግና ንሓጢኣት ኣይምፈለጥክዎን ነይረ። እቲ ሕጊ፡ ኣይትመነ፡ እንተ ዘይብልሲ፡ ንትምኒት ኣይምፈለጥክዎን ነይረ።” ሮሜ 7፡7። ኣብ ዮሃ 1፡17 ከኣ ከምዚ ይብለና ፡ “ሕጊ ብሙሴ ተውሂቡ እዩ እሞ፡ ጸጋን ሓቅን ግና ብየሱስ ክርስቶስ መጸ። እምብኣርከ ንሕና ኵላትና ካብ ምልኣቱ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ተቐበልና” ዮሃ 1፡17 ።

ኣምላኽ ኩሉ ሳዕ ብዓል ምሉእ ምሕረትን ጸጋን እዩ ፡ “እግዚኣብሄር ርሕሩሕን ጸድቅን እዩ፣ ኣምላኽና ኽኣ መሓሪ እዩ።” መዝ ፻16:5 ፡ “ንሱ ንኹራ ደንጓዩ፣ብሳህሊ ኽኣ ምሉእ፣ ብእከይ ድማ ተጣዓሳይ፣ ርሕሩሕን መሓርን እዩ እሞ፣ክዳንኩም ኣይኰነን ልብኹም ደኣ ቕደዱ፣ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩምውን ተመለሱ ።” ዮኤ 2፡13። ሰብ ከኣ ኩልሳዕ ብኣምላኽ ብምእማን እዩ ዝድሕን ፡ “ብእግዚኣብሄር ከኣ ኣመነ፡ ንሱ ድማ ንጽድቂ ቈጸረሉ።” ዘፍ 15:6 ። ኣብ ብሉይ ዝነበረ ኣምላኽ ፡ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣይተለወጠን ፡ “ኣምላኽ ከይሕሱ፡ ሰብ ኣይኰነን።

ከይጠዐስ ከኣ፡ ወዲ ሰብ ኣይኰነን። ንሱ ዝበሎስ ኣይገብሮንዶ፤ እተዛረቦስ ኣይፍጽሞንዶ፤” ዘሁ 23፡19 ፡ ከምኡውን ኣብ መዝ 55፡19 ንርኢ ። እቲ ሕጊ ዝሃበ ኣምላኽ፡ የሱስ ውን ሃበና ፡ ዮሃ 3፡16 ። ናቱ ምሕረት ፡ ብሕጊ መስዋእቲ ስርዓት ሕድገት ሓጢኣት ክርኢ ከኣለ ። የሱስ ኣብ ትሕቲ ሕጊ እዩ ተወሊዱ ፡ “ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና፡ ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ፡ ተሻዪጡ ምእንቲ ኼውጽኦም፡ ንሕናውን ውልድነት ምእንቲ ክንረክብሲ፡ ኣምላኽ ነዚ ኻብ ሰበይቲ እተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኾ።” ገላ 4፡4 ። በዚ ኽኣ ፡ ንሕጊ ፈጺሙ እቲ ናይ መወዳእታ መስዋእቲ ኰነ ፡ ሓድሽ ኪዳን ከኣ ሰረተ ፡ “ከምኡ ድማ ድሕሪ ድራር ነታ ጽዋእ ኣልዒሉ፥ እዛ ጽዋዕ እዚኣ እቲ ምእንታኹም ብዚፈስስ ዘሎ ደመይ እተገብረ ሓድሽ ኪዳን እያ።” ሉቃ 22፡20 ። እምበኣር ፡ እቲ ናብ

ኣምላኽ ብክርስቶስ ዝመጽእ ጽድቂ ይቕጸረሉ እዩ ፡ “ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ኽንከውን፡ ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ። ምስ ኣምላኽ ተዓረቕ፡ እናበልና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኴንና ንልምነኩም ኣሎና።” 2ቆሪ 5፡21, 1ጴጥ 3፡18, እብ 9፡15)።

እምበኣር ፡ እቲ ናይ ርእሶም ጽድቂ - ኣለና ዝብሉ ዝነበሩ ንየሱስ ብቕጥታ ክቃወምዎ ተንስኡ ። እቶም ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ትሕቲ እቲ ጸቓጢ ዝኾነ ስርዓት ፈሪሳውያን ዝነበሩ ፡ ንምሕረት ክርስቶስን ንሓርነቱን ኣድነቕዎ ፡ “ኮነ ድማ፡ ንሱ ኣብ ቤቱ ኣብ መኣዲ ተቕመጠ፡ ዝሰዓብዎ ብዙሓት ነበሩ እሞ፡ ብዙሓት ተገውትን ሓጥኣንን ድማ ምስ የሱስን ምስ ደቀ መዛሙርቱን ተቕመጡ። እቶም ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ምስ ተገውትን ምስ ሓጥኣንን ኪበልዕ ከሎ ምስ ረኣይዎ፡ ንደቀ መዛሙርቱ፡ ስለምንታይከ ምስ ተገውትን ምስ ሓጥኣንን ዚበልዕን ዚሰትን፤ በልዎም።” ማር 2፡15-16 ። ገሊኣቶም ነዚ ኣርኣያ ከም ሓደገኛ ርኣይዎ ፡ ንሰብ ካብ ኩሉ ሞራላዊ ነገር ዝኽልክሎ እንታይ እዩ ፤ ጳውሎስ ነዚ ከብርህ ከሎ “እምብኣርሲ እንታይ ክንብል ኢና፤ ጸጋ ምእንቲ ኺዓዝዝሲ፡ ኣብ ሓጢኣትዶ ንጽናዕ፡ ያእ ኣይፋልናን። ንሕና ኻብ ሓጢኣት ዝሞትና፡ ከመይ ኢልና ሕጂ ኣብኡ ኽንነብር፤” ሮሜ 6፡1-2 ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ የሱስ ዝበሎ እዩ ዘብርሃልና ዘሎ ፡ እቲ ሕጊ ኣምላኽ ካባና እንታይ ከም ዝደሊ (ቅድስና) እዩ ዝነግረና ፡ ጸጋ ኸኣ ድሌትን ሓይልን ንቕድስና ይህበና ። ክንዲ ብሕጊ ክንድሕን እንውከል ፡ ንሕና ብክርስቶስ ኢና እምንቶና እንገብር ። በቲ ሓንሳብን ንሓዋሩን ዝሞተልና ፡ ካብ ባርነት ሕጊ ሓራ ኮንና ። “ሕጂ ግና ብኣረጊት ንብረት ፊዴል ዘይኮነስ፡ ብሓዳስ ንብረት መንፈስ ክንግዛእ፡ ካብቲ ሒዙና ዝነበረ ሕጊ ሞይትና ኻብኡ ተፈታሕና።” ሮሜ 7፡6, 1ጴጥ 3፡18) ።

ንሕና ብጸጋ ብእምነት ኢና ድሒንና ፡ “ሓደ እኳ ኸይምካሕሲ፡ ካብ ግብሪ ኣይኮነን እሞ፡ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡ እዚ ኸኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ካባኻትኩም ኣይኮነን።” ኤፌ 2:8-9 ። ምሕላው ነቲ ሕጊ ንሓደኳ ከድሕኖ ኣይክእልን እዩ ፡ “ሕግስ ሓጢኣት እዩ ዜፍልጥ እሞ፡ ስለዚ ስጋ ዝለበሰ ኹሉ ኣብ ቅድሚኡ ብግብሪ ሕጊ ዚጸድቕ የልቦን።” ሮሜ 3:20, ቲቶ 3:5 ውን ንርኣ ። ብሓቂ ፡ እቶም ጽድቂ ብምሕላው ሕጊ እዩ ዝብሉ ፡ ንሳቶም ጥራይ ነቲ ሕጊ ዝሕልውዎ ኮይኑ እዩ ዝስምዖም ፡ እዚ እዩ ኸኣ እቲ ቀንዲ ኣተኩሮ ስብከት የሱስ ኣብቲ ከረን። ማቴ 5፡20 – 48, ከምኡውን ሉቃ 18፡18 – 23 ክንርኢ ንኽእል ኢና ።

ብመሰረቱ ዕላማ ናይቲ ትእዛዛት ሕጊ ንኣና ናብ ክርስቶስ ንኸምጽኣና እዩ ፡ “ስለዚ ኸኣ ብእምነት ምእንቲ ኽንጸድቕሲ፡ ናብ ክርስቶስ ኬብጽሓና እቲ ሕጊ ቐጻዒና ኾነ።” ገላ 3:24። ሓንሳብ ምስ ደሓንና፡ ኣምላኽ ብሰናይ ግብርና ክኸብር ይደሊ ፡ “ፍጡራቱ ኢና እሞ፡ ነቲ ኣምላኽ ክንመላለሰሉ ኢሉ ቐደም ዘዳለዎ ሰናይ ግብሪ ብክርስቶስ የሱስ እተፈጠርና ኢና።” ኤፌ 2:10, ከምኡውን ማቴ 5:16 ንርኣ። ስለዚ ፡ ሰናይ ግብሪ ንምድሓን ስዒቡ ዝመጽእ እዩ።

እምበኣር ነቲ ጽቡቕ ገይሩ ዝተረድኦ ፡ ኣብ መንጌ ጸጋን ሕግን ግርጭት የልቦን ። ክርስቶስ ነቲ ሕጊ ኣብ ክንዳና ፈጸሞ ፡ ብሓድሽ ልቢ ንእኡ ብምእዛዝ ክንነብር ከኣ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ሃበና ። ነዚ ዘብርሃልና ከኣ ፡ “መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ኽትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኮኑኒ ኢኹም፡ በሎም” ግብ 1፡8 ፡ “እቲ ወንጌልና ብሓይልን ብመንፈስ ቅዱስን ብብዙሕ ምርዳእን ከኣ እዩ እምበር፡ ብቓል ጥራይ ኣይመጸኩምን።” 1ተሰ 1፡5 ፡ “ነቲ እተቐበልካዮ ጽቡቕ ሕድሪ በቲ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ሓልዎ” 2ጢሞ 1፡14 ። ጸጋ ከድሕን ዝኽእል ሓይሊ ካብ ሃለዎ ፡ ንሓጢኣተኛ ልቢ ድማ ናብ ፍርሃት እግዚኣብሄር ከምጽኣ ሓይሊ ኣለዎ ።

ስለዚ ፡ መንፈስ ቅዱስ ንቓሉ ክንከፍት እንተ መርሓና ፡ ከምዚ ይብለና “ንርእስኻ እቲ ቓል ሓቂ ብቕንዕና ዜማቕል፡ ዜሕፍር ዜብሉ ፍቱን ዓያዪ ጌርካ ፡ ንኣምላኽ ከተርእዮ ጽዓር።” 2ጢሞ 2፡15። --ሻሎም--ወሓዚ--ሰላም

ሰለስተ ጉልቻ



ኣብ ሓዳር ምእታው ንብዙሓት ፡ ብፍላይ ድማ ንመንእሰያት ዝምርዓዉ ፡ ኣዝዩ ዘሐጉስ ኣጋጣሚ እዩ ። ኣብ ውሽጡ ምስ ኣተኻ ግና ፡ ብዙሕ ውረድ ደይብ ዘለዎ፡ ብርሃንን ጸልማትን ዘለዎ ምኽኑ ኢና እነስተውዕሎ። ዋላኳ እዚ ውረድ ደይብ ግቡእ ከምዘይኮነ እንተ ተኣመንና ፡ እቲ ንሓዳር ዝሰረተ እግዚኣብሄር ስለ ዝኾነ ግና በዚ ንጸናናዕ ኢና ። ነቲ ሕብረት ድማ ከነጽንዖ ንጽዕር ኢና ። ሓዳር - መርዓ - ወድን ጓልን ንሕብረት ብብሕቶም ዝውስንሉ ቅዱስ ብመለኮታዊ ሓሳብ ዝተመኽረ ምኽኑ ቃል ኣምላኽ የመልክተልና ። እግዚኣብሄር ዝሰረቶ ካብ ኮነ ድማ ፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን ጽፍሒ ውረድን ደይብን ፡ እግዚኣብሄር ምስኡም ምኽኑን በረኸቱ ምስኡም ከምዘሎን ፡ ሰናይ ፍቓዱ ምኽኑ ክርድኡም ይግባእ ።

“ብሓዳርና ክንሕጐስ ፍቓድ ኣምላኽ እንተ ኾይኑ ፡ ንምንታይ ደኣ ኣነ ብኽምዚ ዝበለ ጓሂ ዘለዎ ህይወት ሓዳር ይሓልፍ ኣለኹ ፡” ኢልና ንሓትት ንኽውን ኢና።

እቲ መልሲ ቀሊል እዩ ፡ መብዛሕትና ከምቲ እግዚኣብሄር ዝሃበና መምርሒ ስርዓት ሓዳር ስለ ዘይንኽተል እዩ ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ዕዉት ሓዳር ኣብ ሓላፍነት ክልቲኡም ከምዝተሰረተ እዩ ዝነግረና ። ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብል “ ክርስቶስ ድማ ንርእሱ ባህ ዜብል ኣይደለየን እሞ፡ ነፍሲ ወከፍና፡ ንብጻዩ ምእንቲ ኺሃንጸ፡ ብሰናይ ነገር ባህ የብሎ።” ሮሜ 15፡2 ። እዚ ማለት ሰብኣይን ሰበይትን ንርእሰ ፍትወት ፡ ክብረት ርእስኻ ምድላይ ፡ ስሰዐ ፡ እዚ ኣወጊዶም ንሓድሕዶም ክጠቓቐሙ ይተንስኡ ። እዚ ዝጠቐስናዮ ዘይግባእ ባህርያት ዝነገሰ ሓዳር፡ ስሙር ሓዳር ክብሃል ኣይክእልን እዩ ።

ባህልና ብዛዕባ ሓዳር ዝተፈለየ ኣረኣእያ እኳ እንተሃበና ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ግና ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ቅኑዕ ዝኾነ ስእሊ ኣቐሚጡልና ኣሎ ። እቲ ስእሊ ፡ ሰብኣይ ርእሲ ፡ ሰበይቲ ድማ ኣካል ከምዝኾነት እዩ ዘመልክተልና ። እዚ ኽኣ ሓደ ብዘይ’ቲ ሓደ ከምዘይከውን እዩ ዘርእየና ። ሰብኣይን ሰበይትን እንተዘየደጋገፉ ጐዶሎ እዮም ። እምበኣር ፡ ኣብ ሓዳርናን ኣብ ቤትናን ሕጉሳት ክንከውን እምበር ተቐበልቲ መከራ ከይንኽውን ፡ እግዚኣብሄር ካብ ነፍሲ ወከፍና ዝደልዮ ነገራት ክንርኢ ኢና ።

እግዚኣብሄር ካብ ሰብኣይ እንታይ ይጽበ ፧

1ጴጥ 3:7 “ኣቱም ሰብኡት፡ ጸሎትኩም ምእንቲ ይዕገት፡ ከም ምስ ድኽምቲ ፍጥረት፡ ከም መዋርስትኹም ንጸጋ ህይወት ጌርኩም እናኽበርኩምወን፡ ከምኡ ምስ ኣንስትኹም ብእምሮ ንበሩ።” ቃል ኣምላኽ ከምዘብርሃልና፡ ሰብኣይ ንሰበይቱ ከፍቅርን ከኽብርን እዩ ጸውዒቱ ። እዚ ድማ ተግባራዊ ዝኾነሉ ፡ ሰብኣይ ሰበይቱ ኣካሉ ምኽና ፡ ዋጋ ዘለዋን ኣዝያ ልስልስቲ ምኽናን ክግንዘብ ኣለዎ ። ስለዚ ፡ ሰብኣይ ነዞም ዝስዕቡ ባህርያት ክርእይ ይድለ ፡

1. <u>ናይ ጸሎት ሰብ</u> ፡ ሰብኣይ ርእሲ ናይ ኣባላት ቤተሰቡ ፡ ኣገልጋልን መንፈሳዊ መራሕን ክኸውን ኣለዎ ። ኣብ መንጎ ቤቱን ጐይታን ማእከላይ መንጐኛ ኮይኑ ዝቐውም ንሱ እዩ ። ዘይጽሊ ሰብኣይ ፡ ንቤቱ ንጥቕዓት ጸላኢ እዩ ዘጋልጽ ። ብጥበብ ንቤትካ ምምራሕ ኣዝዩ ከገድስ ከሎ ፡ ናይ ጸሎት ሰብ ከኣ ንቤቱ ካብ ፍላጻ ጸላኢ ይብጀወላ ። ስለዚ ሰብኣይ ናይ ጸሎት ሰብ ክኸውን ፡ እግዚኣብሄር ይጽበዮ ።

   እቲ ዝሕዝን ግና ፡ ሎሚ ብዙሓት ሰብኡት ሰብሓዳር፡ ናይ ጸሎት ህይወት ዝበሃል የብሎምን ፡ ብዛዕባ ሓዳር ክዛረቡ ወይ ምኽሪ ክህቡ ከለዉ ከኣ “ሓዳር እኮ ከቢድ እዩ” እናበሉ ይዛረቡ ፡ ግናኸ ከቢድ ዝገብሮ ዘሎሲ ሓደ ዘይምጽላይካ እዩ ። ዘይምጽላይ ንጸላኢ ናብ ደገ ቤትካ ምዕዳም እዩ ።

2. <u>ልስልስ ዝበለ ቃል ዝጥቀም</u> ። ተሪር ዘይኮነ ቃላት ምጥቃም ብኣካል ድኹም ምኽን ዘይኮነ ፡ መንፈሳዊ ፍሬኻን ብስለትካን ዘርኢ እዩ ። ተሪር ቃል እትጥቀመሉ ጊዜታት ኣሎ ፡ ንሱ ግና ምስ ካልኦት እዩ እምበር ፡ ምስታ ኣካልካ ዝኾነት ምርዓትካ ግና ፡ ልስሉስ ቃል ኢኻ ክትጥቀም ዘሎካ ። እግዚኣብሄር ዝፈርህ ሰብኣይ ፡ ንርእሰይ ዝብልን ህልኸኛን ክኸውን የብሉን ። መጽሓፍ ቅዱስ ሰበይትኻ “ድኽምቲ ፍጥረት” ከምዝኾነት ቁጺርካ ፡ ክትከናኸና ማለቱ ደኣ’ምበር ፡ ብስምዒት ብሉጽነት ክትገዝእ ከይትደሊ ከረድኣና ደሊዩ እዩ ።

3. <u>ንሰበይቱ ጊዜ ዝህብ</u>። ማንም ሰበይቲ ልዕሊ ኹሉ ካብ ሰብኣያ እትጽበዮ ነገር እንተሎ ፡ ጊዜ ምስኣ ከሕልፍ እዩ። ብርግጽ ኣህላኺ ዝኾነ ስራሕ እንሰርሕ ሰባት ምስ ሰበይትና ጊዜ ከነሕልፍ ይኽብደና እዩ ። ግናኸ ፡ ዋላ ንሳ ካባና እትደልዮ ምሉእ መዓልቲ ክንውዕል ዘይኮነ ፡ ኣድህቦ ክንህባ ስለ እትደሊ እዩ ። ስለዚ ዋላ ኣብቲ ምሉእ መዓልቲ ብስራሕ እንሃልከሉ ቦታ ስራሕና ኮይንና ፡ ብቴለፎን ደዊልና ፤ እቲ ከምዚ ከምዚ ግበርዮ ፡ ሎሚ ኣኼባ ስለ ዘሎና ሰዓት ክንድዚ እየ ክመጽእ ፡ ከምዚ ዓዲግኪ ጽንሕኒ ኢኺ ፡ መግቢ ሰሪሕኪ ሰሊጡኪ ዶ ፡ እንታይ ኣሎ ከምጽኣልኪ እትደልዮ ፡ ጸሊኺ ዶ ፡ ኣንቢብኪ ዶ ፡ እንታይ ጥቕሲ ኣሎኪ ክትህብኒ ትደልዮ ፡ እናበልና ኣድህቦ ክንህበን እየን ዝደልያ ። እዚ እዩ ጊዜ ምሃብ ዝብሃል ።

4. <u>ትሑት ምኽን</u> ። ግቡእ ዝኾነ ትሕትና ንሓዳር ዘርስርስን ዘሐይልን ቅብኣት እዩ ። ንሓደ ጋሻ ዝኾነ ሰብ ምቕሉልን ትሑትን ከምእትኾውን ፡ ንሰበይትኻ ድማ ከምኡ ኩነላ ። ከም ናትካ ባርያ ክትቆጽራ ከኖ የብልካን ።

5. <u>ሕዉስ ምኽን</u> ። ከምቲ ምስ ደቂ መሳርሕትኻ ከምኡውን ኣብ ዝተፈላለየ ስፍራታት ንፈተውትኻ እተርእዮ ፍሽኽታን ጸወታን ፡ ኣብ ቤትካ ውን ከምኡ ኣርኢ ። ከምቲ ካብ ቤትካ ወጻኢ ዘለዉ ሰብ ንኣኻ ብምርካብ ዝሐጉሶም ፡ ሰበይትኻ ኮነት ደቅኻ ውን ንኣኻ ብምርካብ ክሕጐሱልካ ይግባእ ። ከም ዝተቕጥዐ ሰብ ኣብ ቤትካ ኮርፈፍ ኢልካ ኣይትመላለስ ። ምስ ሰብይትኻ ኢህን ምሂን ምባል እንተኣቋረጽካ-ርእሰ ቕትለት ናይ ሓዳር እዩ። ምስ ሰብይትኻ ዘሎካ ቃላት ልዝብ ጽቡቕ ዝርኣየሉ ክኸውን ኣለዎ ።

6. <u>ኣካላዊ ገጽ ሰበይትኻ ምርዳእ</u> ። ዝተረጋግአ ሕብረት ክህልወኩም ትደሊ እንተ ኾንካ ፡ ናይ ባህሪ ለውጢ ሰብይትኻ ክትርዳእ ጻዕሪ ከተካይድ ኣሎካ ። ሓድሓደ ኣንስቲ ፡ ናይ ባዕላ ዝኾነ ፍሉይ ባህሪ ዘለወን ኣለዋ ። ኣንስቲ ንሓደ ዓይነት ሸግር ዝህብኡ ምላሽ ዝተፈላለየ ስለዝኾነ ፡ ናይ ሰበይትኻ ምልውዋጥ ስምዒት ከተኣንግድ ድሉው ኩን ። ሓድሓደ ጊዜ ምንም ምኽንያት ዘይብለን ክነሱ ናይ ምስዒት ምልውዋጥን ምርባሽን ኪጋጥመን ይኽእል እዩ ። ናይ ስምዒት ዘይምምችቻእ ወይ ውን ናይ ኣንስቲ ጥራይ ዝኾነ ኣካላዊ ሕማም ኪጋጥመን ይኽእል እዩ ። ከም ሰብኣይ

መጠን ፡ ካብ ዘላቶ ኩነታት ንኽትወጽእ ብትዕግስቲ ምጽብባይን ምክንኻንን ፡ ከድለየካ እዩ ።

7. <u>ኣብ ኣተሓሕዛ ገንዘብ ግቡእ ሜላ ዘለዎ</u> ። ሓደ ሓደ ደቂ ተባዕትዮ ፡ ኣንስቲ ንገንዘብ ናይ ምብዛሕ ክእለት ኣለወን፡ ኢሎም ዝኣምኑ ኣለዉ ። እዚ ግና ሓቂ ኣይኮነን። ንሰበይትኻ ሒደት ሂብካ ብእአን ብዙሕ ምጽባይ ፡ ኣገባብ ኣይኮነን ። ኣብ ጉዳይ ቤትካ ፡ ተጨባጥ ዝኾነ ኣመለኻኽታ ይሃልውካ ። ካብቲ ዘድልያ ንታሕቲ ትህባ እንተኾንካ ፡ ካብቲ ትጽበዮ ንታሕቲ ኢኻ ትቐበል ። ንሰበይትኻ ኮነት ወይ ንቤትካ ምስ ካልኦት ፈጺምካ ኣይተወዳድር ። ቤትካ ካብ ካልእ ዝተፈለየት ከምዝኾነት ፡ ልቢ በል ።

8. <u>ኣኽባሪ</u> ። ንሰብየትኻ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ከቶ ኣይትገስጽ ። ኣብ ቅድሚ ወለዲ ፡ ፈተውቲ ፡ ደቅኻ ፡ ክትእርማ ኢልካ ትትንስእ እንተኾንካ ፡ ድሓር ንሳቶም ንእኣ ኮነ ንኣኻ ከቋሸሹኻ ይኽእሉ እዮም ። እርማት ክትገብረሉ ዘሎካ ክልቴኹም በይንኹም ክትኮኑ ከለኹም ጥራይ እዩ ። ኣድላዪ ክኸውን ከሎ ከኣ ኣመስግና ። ሰበይትኻ ካብቲ እትጽበያ ንታሕቲ ወሪዳ እኳ ምስእትረክባ ፡ እቲ ሰናይ ነገራታ ኣብ ቤትካ ኮነ ኣብ ካልእ ቦታታት ኣርኢ። ንሳ ፡ ነዚ ብዝበለጸ ምእንቲ ከተመሓይሽ ፡ ተስፋ ውን ምእንቲ ክትገብር ፡ ኣኽኢሉ ካብኡ ንላዕሊ ኣብ መንጐኹም ድማ ሰናይ ዝኾነ ሕብረት ክህሉ ኪፈጥረልካ እዩ ። ምስ ካልኦት ሰብ ክትከውን ከሎኻ ፡ ምሉእነት ክስምዓ እዩ ፡ ኣያኣ ከምዝኾንካ ስለእትሓስብ ከተኽብረካ እያ ።

9. <u>እሙን ምኳን</u> ። ሓቀኛን ቅኑዕን ንእግዚኣብሄር ዝፈርህን ሰብ ፡ ሓባእን ተለዋዋጥን ክኸውን የብሉን ። ሰብኣይ ዘይእመን እንተኾይኑ ፡ ሰበይቱ ከተፍቅሮ ከትሸገር እያ። ሰበይቲ ኣብ ልቢ ሰብኣያ ክትዓርፍ (ክትተኣማመን) እያ እትደሊ ፡ እዚ ከኣ ሰብኣያ እሙንን ግልጽን ክኸውን ከሎ ድሌታ ምሉእ ይኾነላ ።

እግዚኣብሄር ካብ ሰበይቲ እንታይ ይጽበ ፧

ኣብ 1ጴጥ 3፡1 ኣንስቲ ንሰብኡክን “ተኣዘዝኡም” ክብል ከሎ ፡ ኣብ ኤፌ 5:33 ከኣ እታ ሰበይቲ ውን “ትፍርሃዮ” ይብል ። ከምቲ ንሰብኣይ ፡ ሰብይቲ ውን ነዚ ዝስዕብ ከተማልእ ትጽቢት ይገበረላ ፡

1. <u>ናይ ጸሎት ሰብ</u> ። ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲ እግዚኣብሄር ዝሃባ መንፈሳዊ ብጽሒት ክትፍጽም ኣለዋ ። ካብ ምጭቕቓቕ፡ ጸሎታትክን ንሰብኡትክን ኮነ ንውሉዳትክን ህይወቶም ከስተኻኽል ጥራይ ዘይኮነ ፡ ንሓሳባትክን ከጥዕዮ ፡ ንምንዮታትክን ከኣ ከማልኣልክን እዩ ። ዘይጽልያ ኣንስቲ፡ ብጭንቀት ይጸበን ፡ ጸለይቲ ግና ዕዉት ህይወት ይነብራ።
2. <u>ተኣዛዚት</u> ። ብሓቂ ልውጥቲ ሰበይቲ ንሰብኣያ ከተኽብርን ክትእዘዝን ትጽቢት ይግበረላ (ክሳብ ድሌቱ ምስ ቃል ኣምላኽ ዘይተጻረረ) ። ሓንቲ ሰበይቲ ካብ ማሕበራዊ ፡ ትምህርታዊ ከምኡውን ካብ ንገንዘብ ዝትንክፍ ጉዳያት ወጻኢ ፡ ሰብኣያ ናይ ቤታ ርእስን ከምኡውን መራሕን ምኳኑ ክትግንዘብ የድልያ ። እዚ ማለት ፡ ንቤታ ክትገዝእን ንሰብኣያ ክትመርሑን ክትንስእ ከምዘይብላ እዩ ዝመለከተልና ። ሰብኣያ ድኽም ኢልዎ ክርአ ከሎ ፡ ንቤቱ ክመርሕ እግዚኣሄር ዝሃቦ ሓላፍነት ክጥቀመሉ ፡ ሰበይቲ ከተበራትዖ ይግብኣ ።
3. <u>ተኽናኻኒት</u> ። እታ ደገኛ ሰበይቲ ንሰብኣያ ካብኩሉ ተብልጸ ስለዝኾነት ፡ ብጊዜኡን ብዘይ ጊዜኡን ትከናኸኖ እያ ። ንሰብኣይ ምክንኻን ዘድሊ ልዕሊ ምግቢ ብጽቡቕ ምስራሕን ምቕራብን ልዕሊኡ እዩ ። ብርግጽ ፡ መግቢ ምስራሕ ንሰራሕተኛ ብምሕዳግ ስሕተት ክትሰርሒ የብልክን ፡ ንኣኺ እዩ ተምርዕዩ እምበር ንሰራሕተኛ

ስለዘይኮነ ፡ ንእኡ ምምጋብ ሓላፍነትኪ እዩ ። ንሰብኣይኪ ደስ ዝብሎ ክትምሃሪ ባዕልኺ እናዳለኺ ክትፈልጥዮ ዝኽልከለኪ የለን ። ክዳኑ ጽሩይን ዝተዳለወን ምኺኑ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣሎኪ ። ምውህሃድ ሕብሪ ኣለባብሳ ክዳውንቱ ውን ክትሪኢሉ ጽቡቕ እዩ ። ካብዚ ሕልፍ ብዝበለ ከኣ ፡ ኣተሓሳስባኡ ብንእሽቶ ነገር ከይጭነቕ ፡ ንነገራት ካብ ግቡኣም ንላዕሊ ከይሪኣም ፡ ጐይታ ረዳኢኡ ምኺኑ ኣዘኻኽርዮ ። ኮታስ ብኹሉ ነገር ሕጉስ ሰብኣይ ኪኾነልኪ ፡ ተኽናኽንዮ ። እታ ንሰብኣያ ዘይትኽናኽን ሰብይቲ ፡ ሰብኣያ ብሰራ ካብ

8.

ቤቱ ምስ ወጸ ተመለስ ኣይመጾን እዩ ፡ ጠፊኡ እዩ ዝውዕል። ናይታ ንሰብኣያ እትከናኽን ሰብኣያ ግና ፡ ናብ ቤቱ ክምለስ ይህወኽ እዩ ። ስለዚ ተኽናኻኒት ሰብኣይኪ ኩኒ።

4. <u>ጽቡቕቲ ኮይና እትቕርብ</u> ። ንሰብኣይኪ ምክንኻን ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን ። ሰብኣይኪ ኩልጊዜ ናባኻ ምእንቲ ክስሓብ ፡ ንርእስኺ ምሕላው ከድልየኪ እዩ ። ጽሬትክን ጽባቕኽን ሓሊኺ ኣብ ቅድሚኡ ተመላለሲ ። ግናኸ ዓለማውነት ክንጸባረቕኪ የብሉን ። ብባህሪ ኮነ ብኣቀራርባ እተብርሂ ኩኒ ። ደገኛ ሰበይቲ ብልሂ ክትከውን ኣለዋ እምበር ኣባኻኒት ኮይና ገንዘብ ቤታ ኣብ ዘይጠቅም ነገር እተውዕል ክትከውን የብላን ።

5. <u>ኣዝማድ ሰብኣያ እተኽብር</u> ።

ንእግዚኣብሄር እትፈርህ ሰበይቲ ንሰብኣያ ጥራይ ዘይኮነ ነዝማዱ ውን ተኽብር እያ ። ናባኺ ከይቀርቡ ኢልኪ ፡ ዝኾነ ነገር ክትገብሪ የብልክን ። ኣዝማድ ሰብኣይኪ ፡ ሸግር ኣይፈትሩልክን እዮም ። ምስኣቶም ዘባእስ ነገር ምስ ዝፍጠር ውን ፡ ተሃዊክኪ ውሳኔ ኣይትውሰዲ ።

6. <u>ዓቃቢት ምስጢር</u> ።

ደገኛ ሰበይቲ ፡ ንታዕታዕን ባእስን ቦታ የብላን ። ብዛዕባ ሰብኣያ ንሳልሳይ ኣካል ኣይትሕብርን እያ ፡ ንስሙ ኣይተጸልምን እያ ። ምስ ካልኦት ኮፍ ኢላ ንሰብኣያ ስሙ ኣይተጸልምን እያ ። ምስ ካልኦት ኮፍ ኢላ ንሰብኣያ ትሓሚ ዘይኮነት ፡ ብጥበብን ብትዕግስትን ጌራ ኣብ መንጐ ብዝፍጠር ዘይምርድዳእ ከተወግድ ትጽዕር እያ ።

7. <u>ንቕሕቲ</u> ። ደገኛ ሰበይቲ ንቕሕትን ብርትዕትን ምኺና መጽሓፍ ቅዱስ ይገልጸ ። ድኽምቲ ሰበይቲ ፍቕሪ ሰብኣያ ክመውቕ ኣይትጽዕርን እያ ። ሰበይቲ ፡ ንቤታ ብምድራዊ ነገርን ብመንፈሳዊ ነገርን ምሕላው ሓላፍነት ኣለወን ። ብስርዓት ዝተሓለወት ቤት ነጸብራቕ ናይ ንቕሕትን ጻዕረኛን ሰብይቲ እያ ።

9. <u>ጸጋ ዘለዋ</u> ። ሰበይቲ ንህይወት ነፍሲ ወከፍ ኣባል ቤተሰባ ኣብ ሰናይ ኩነታት ይኹን ኣብ ክፉእ ፡ ቅርጺ ናይ ምሓዝን ኣንፈት ምትሓዝን ብቕዓት ኣለወን ። ኩልጊዜ ካብ ቤታ ወጻኢ እትኸውንን ንደቃ ጊዜ ዘይብላን እንተኾይና ፡ ደቃ ስርዓት ዘይብሎም ኩይኖም እዮም ዝዓብዩ ። ኣብ ቤታ ውርደት እዮም ዘምጽኡ ። ስለዚ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝደልዮም ኪኾኑ ጸጋኺ ተጠቕምሉ ።

ሎሚ ብዙሓት ሰብ ሓዳር ፡ ካብ መጻምዶም ብዝመጸም ፡ ብመከራ ከምዝሓልፉ ዘይንኽሕዶ ሓቂ እዩ ። ዕዉት ሓዳር ዝብሃል ግና ፡ ኩሉ ነገር ምጥዓሙን ወይ ምምራሩን ዘይኮነ፡ ኣብ በሪኽ ኮነ ኣብ ዓሚዩቕ ጊዜ ፡ ተደጋጊፍካ ምሕላፍ ፡ ከም ዝኾነ ልቢ በሉ ። ብንስሓን ርእስኻ ብምትሓትን ንእግዚኣብሄር ዕድል ትህቡ እንተኾንኩም ክረድኣኩም ድሉው እዩ ። ኩላ ዓለም ኣብ ኢዱ ስለዝኾነት፡ ንምቁር ወይ ውን ነቲ መሪር ምቁር ክገብሮ ይክኣሎ እዩ ። ጐይታ ይባርኽኩም ፡ ሓዳርኩም ይባርኽ ፡ ደቅኹም ይባርኽ ። ሻሎም - ወሓዚ ሰላም --

ምንጪ ፡ - “ክርስትያን ዉመን ማገዚን”

ኣብ ሓዳና ከመይ ኢና

ኣብ ዝሓለፈ ጊዜ ምስ ሓደ ናይ ቀደም ዓርኪይ ዝነበረ ተራኺብና ነዕልል ነበርና ። እቲ ዕላል ብዛዕባ ሓዳር እዩ ነይሩ ። ንሱ ብዛዕባ ሓዳሩ ክምስክረለይ ከሎ “ኣነን ሰበይተይን ክንፈላለ ዘይንኽእል ሓደ ኢና” ኢሉ ጀመረለይ። “ንሳ ንኣይ ብስመይ ኣይኮነትን እጽውዓኒ ፡ ብናይ ቅብጥሮት እያ ትጽውዓኒ ። ኣብ ጊዜ ጥንሳ ፡ ንዓይ ዘይርድኣኒ ፡ ንእኣ ጥራይ ዝሸትታ ነገራት ኣሎ ። ቤትና ጽሩይ ክነሱ ፡ ገለ ጨና ከም ዝጨነዋ ትነግረኒ ። ኣነ ከኣ ማይ ኣብ ሳንኬሎ መሊአ ፡ ተደቢረ ፡ ንቤትና ይውልውሎ። እቲ ጨና ቁሩብ ይሕሻ ። ኣብ ኩሉ ዕዮታታ ምስኣ ተጸንቢረ እየ ክሕግዛ ዝፍትን ። ቤትና ምሉእ ፍቕሪ እዩ። ከምቲ ኣነ ዘኽብራ ፡ ንሳውን ተኽብረኒ እያ። እንተኾነ ሎሚ ንሳ ኣብ ቤትና የላን ። ቤትና በረድ እዩ መሊኡ ዘሎ ፡ ቆራሪ ከም ግሪን ላንድ እዩ ። ኣብ ዝሓለፈ ጊዜ ፡ ናብ ኣሜሪካ ከይዳ ፡ ቆልው ምሳይ እዮም ዘለዉ ። ጐይታ ይርዳእ ፡ ደጊሙ ከራኽበና ይጽበ ።” ኢሉ ነገረኒ ።

ኣሕዋት ካብዚ ናይዚ ሓውና ፡ እንታይ ክትምሃሩ ከም እትኽእሉ ፡ ሰለስተ ነገራት ክትጠቕሱ ትኽእሉ ዶ ፧ ንስኻትኩምከ ኣብ ሓዳርኩም ከመይ ንሰበይትኹም ትሕግዙዶ ፧ እስኪ በዛ ጽሕፍቲ ንሓድሕድና ንዘራረብ ። --ሻሎም--ወሓዚ ሰላም--።

_____

_____

_____

ዓምዲ ሕቶን መልስን

ናይ ስሓቕ መንፈስ ፧

ሕቶ ፡ “ኣብ ገለገል ናይ ጸሎት ጊዜ ፡ ናይ ሰሓቕ መንፈስ ተባሂሉ፡ ብዙሕ ሰሓቕ ይኸውን ። እዚ ከመይ እዩ ፡ ናይ ሰሓቕ መንፈስ ዝበሃል ከመይ እዩ ፡ ከተብርሁለይ”

ሻሎም ፡ ኣብ መንፈሳዊ ህይወት ፡ ሓድሕደ ልምምድ ኣብኡ ከሎና ብዘይምኽንያት እንቕበሎ ኣሎ ። እዚ ምግባርና ግና ቅኑዕ ኣይኮነን ። ከምዚ ንስኻ እትሓቶ ዘሎኻ ክንሓትት ይግብኣና። ናብቲ መልሲ ክንከይድ ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ዝተፈላለየ ሰባት ክሓይይ ከሎ ፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ይግለጽ እዩ። ከም እኒ ጳውሎስ ከውድቕም ከሎ ፡ ንገሊኡም ከኣ ከም ንበዓል ናትናኤል ከኣ ኣበይ ከምዝጸንሑ ወይ ኣበይ ምኻኑ ቤቶም ወይ ከመይ ምኻኑ ጠባዮም ይነግሮም። ኣብ ጊዜ ጸሎት ውን ከምኡ ፡ ንገሊኡም ኣብ መንፈሶም ጥራይ ይፍለጦም ፡ ንገሊኡም ብብኽያት ይግለጽ ፡ ንገሊኡ ብፍሉይ ሓጐስ ይፍለጦም ፡ ንገሊኡም ከም ኤሌክትሪክ ዝመስል ይስምዓም፡ ኮታስ ናይ መንፈስ ቅዱስ ስራሕ ከምቲ ንሱ ዝደለዮ እዩ። ነዚ ዝበልናዮ ግና ፡ ናይ ምውዳቕ መንፈስ ፡ ናይ ሓጐስ መንፈስ ፡ ወይ ናይ ብኽያት መንፈስ ፡ ወይ ውን ናይ ሰሓቕ መንፈስ ኢልና ክንጽውዖ ኣይንኽእልን ኢና ። ንኹላትካ ከኣ ናይ ሰሓቕ መንፈስ መጺኡ ከስሕቕካ ዝውዕል ኣይኮነን ። ብርግጽ መጽሓፍ ቅዱስ “ኣፍና ብስሓቕ መልኣ” ይብል እዩ፡ ወይ ውን “ብጐይታ ተሓጐሱ” ይብል እዩ ፡ እዚ ግና ሱቕ ኢልካ ካርካር እናበልካ ትስሕቕ ማለት ኣይኮነን ። ሃዋርያ ጳውሎስ “ብጐይታ ተሓጐሱ ደጊመ ተሓጐሱ” ክብል ከሎ ፡ ኣብ ቤት መኣሰርቲ ኮይኑ እዩ ከምኡ ዝበለ ። ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ግና ካርካር ኢሉ ይስሕቕ ከምዘይነበረ ርግጸኛ ኢና ። ስለዚ እዚ ሎሚ ዝግበር ዘሎ ናይ ሰሓቕ መንፈስ

እናተባህለ ዝስመ ዘሎ ፡ ቅኑዕ ኣይኮነን ። ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ሰሓቕ መንፈስ ዝበሃል ኣይተሰምየን።

እዚ ክንብል ከሎና ግና ፡ ንውልቀ ሰብ ብውልቁ ፡ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝደለዮ ከስሕቕ ድዩ ከውድቕ ወይ ውን ብሓጐስ ከዝልሎ ይኽእል እዩ ።

--ሻሎም--ወሓዚ ሰላም--

ሃናንያን ሰጲራን ንሞት ፤

ሕቶ ፡ ኣብ ግብ 5፡ 1 ሃናንያን ሰጲራን ዘተባህሉ ሰብኣይን ሰበይትን ብዝገበርዎ ናይ ገንዘብ ምሕባእ ፡ እግዚኣብሄር ብሞት ቀጺዕዎም ። በዚ ዝገበርዎ ሓጢኣት ፡ ስለምንታይ ክሳብ ብሞት ክቕዘፉ ክኢሎም ፤ ኣምላኽ ብኻልእ ቀጺዑ ዘይሓድጎም ፤

ሻሎም ፡ ሕቶኻ ኣዝያ ኣገዳሲት እያ ፡ ንመጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ዝቡቕ ጌርካ እተጽዕ ሰብ ኢኻ እሞ ። ናብቲ መልሲ ንቕጽል ፡ እታ ጥቕሲ ከምዚ እያ ትብል ፡ -

“ሃናንያ ዝስሙ ሰብኣይ ምስ ሰጲራ ሰበይቱ ምድሩ ሸጠ። 2 ካብቲ ዋጋኡ ኸኣ ምስ ሰበይቱ ተማኺሩ መቒሉ ኣትረፈ፡ ነቲ ሓደ ምቃል ድማ ኣብ ጥቓ እግሪ ሃዋርያት ኣንበሮ። ጴጥሮስ ከኣ፡ በል ሃናንያ፡ንመንፈስ ቅዱስ ክትሕሱ ኻብ ዋጋ እቲ ምድሪ ኸኣ መቒልካ ኽትሐብእሲ፡ ስለምንታይ ሰይጣን ንልብኻ መልኡ፤ ከይተሸጠስ ናትካዶ ኣይነበረን፤ ምስ ሸጥካዮስ፡ ኣብ ኢድካዶ ኣይነበረን፤ ከመይ ጌርካኽ ነዚ ነገርዚ ብልብኻ ሐሰብካዮ፤ ንኣምላኽ እምበር፡ ንሰብ ኣይሐሶኻን፡ በሎ። ሃናንያ እዚ ቓልዚ ምስ ሰምዔ፡ ወደቐ፡ ነፍሱ ኸኣ ወጸት። እቶም እዚ ዝሰምዑ ዘበሉ ኹሎም ከኣ ኣዝዮም ፈርሁ። ኣጉባዝ ድማ ተንሲኡም ገነዝዎ፡ ተሰኪሞም ኣውጺኡምውን ቀበርዎ። ኰነ ኸኣ፡ ብድሕሪኡ ኣስታት ሰለስተ ሰዓት ኣቢሉ ሰበይቱ፡ እቲ ዝኾነ ኽይፈለጠት፡ ኣተወት። ጴጥሮስ ከኣ፡ እስኪ ንገርኒ፡ ንመሬትኩምዶ በዚ ኽንድዚ ኢኹም ዝሸጥኩምዎ፤ ኢሉ መለሰላ። ንሳ ኸኣ፡ እወ፡ በዚ ኽንድዚ እዩ፡ በለት። ጴጥሮስ ድማ፡ ከመይከ መንፈስ እግዚኣብሄር ንምፍታን እተሰማማዕኩም፤ ኣእጋር እቶም ንሰብኣይኪ ዝቐበሩ እንሆ፡ ኣብ ደገ ኣለዋ፡ ንኣኺ ድማ ኬውጽኡኺ እዮም፡ በላ። ብኡብኡ ኣብ ጥቓ እግሩ ወደቐት እሞ ነፍሳ ወጸት። እቶም ኣጉባዝ ምስ ኣተዉ፡ ሞይታ ጸንሓቶም፡ ተሰኪሞም ኣውጺኦም ከኣ ኣብ ጥቓ ሰብኣያ ቐበርዋ። 11 ኣብ ብዘላ እታ ማሕበርን ኣብቶም ነዚ ነገርዚ ዝሰምዑ ዘበሉ ኹላቶምን ከኣ ብዙሕ ፍርሃት ኰነ።” ግብ 5 ፡ 1 – 12 ።

ኣብቲ መጀመርታ ወንጌል ዝትከለሉ ዝነበረ ጊዜ ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ዘለዎም ዘበለ ሸይጦም ኣብ እግሪ ሃዋርያት የንብርዎ ነበሩ ። እዚ ከኣ ንሰናይ ግብሪ ፡ ንሓገዝ ኣሕዋት፡ ንኹሎም ኣካል ክርስቶስ ንዘበሉ ይተቅም ነበረ ።

ኣብዚ ጥቕሲ ከም ዝነግረና ከኣ ፡ ኣናንያስን ሲጲራ ሰበይቱን ፡ ንሓደ ዕላማ ንዘለዎም ንብረት ኩሉ ንጐይታ ቐደሱ ። ግናኸ ብምትላል ፡ ካብቲ ዋጋ ፍርቂ ክፋሉ ኣትረፉ። ሃናንያን ሰጲራን ንገዛእ ንብረቶም ሰሪቕም ኣትረፉ። ከምቶም ካልኦት ደቀ መዛሙርቲ ከምስሉ ከኣ ኣብ እግሪ ሃዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ ኣምጺኦሞ ።

እምበኣር ንምንታይ ብሞት ተቐጺያም ፡ ንዝብል ሕቶ ፡ ነዚ ዝስዕብ ንመልከት ፡ -

1. ሓጢኣት ሃናንያ ፡ ርኽሰት እዩ ። ምትላል ወይ ስርቂ ነቲ ብልቦም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝመሓልሉ ብስስዐን ብከንቱ ንብረት እዛ ዓለምን ሓሶትን ግብዝናን ኣትሪፎም ። ስለዚ ብሞት ተቐጺያም ። ንሕና ካብዚ እንምሃሮ እንተሎ ፡ እቲ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ ንኻልእ ጥቕሚ ከነውዕሎ ኣይግብኣናን ።
2. ሓጢኣት ሃናንያን ሰጲራን ፡ ናይ ልቢ ሓጢኣት እዩ ። እዚ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅሉዕ ነበረ። ብምግላጽ ከኣ ንሃዋርያ ጴጥሮስ ተገልጸሉ። ካብዚ እንምሃሮ ከኣ ፡ እቲ ብወጻኢ እንገብሮ ጥራይ ኣይኰነን ኣምላኽ ዝርእዮ ፡ ነቲ ዕላማን ሃቕናን ልብና ኣብ ቅድሚኡ ግሉጽ ምኳኑ ክንፈልጥ ይግብኣና ።
3. እዚ ዝገበርዎ ፡ ንጴጥሮስ ከመይ ከም ዘጉሃዮ ካብቲ ጽሑፍ ክንርድኣ ንኽእል ኢና ። “ንመንፈስ ቅዱስ ክትሕሱ ኻብ ዋጋ እቲ ምድሪ ኸኣ መቒልካ ኽትሐብእሲ፡ ስለምንታይ ሰይጣን ንልብኻ መልኡ፤”

ሃናንያ ንምንታይ እዩ ንመንፈስ ቅዱስ 'ክትሕሱ' ተባሂሉ ፤ ምኽንያቱ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ እዩ ንልቢ ሰብ ዝምርምር ። ነዚ ኣብ እግሪ ሃዋርያት ዘንብርዎ ዝነበሩ ተግባር ከኣ ፡ መንፈስ ቅዱስ ዘንቀዶ ሓሳብ ምኽኑ እዩ ።

ካብዚ እንምሃሮ ውን ፡ ኣብ ቅድሚ መንፈስ ቅዱስ ዝሕባእ ነገር ከምዘየለ። ካብ ሃናንያን ሰጲራን እንምሃሮ ከኣ ፡ ገንዘብ ንልብና ክሳብ ክንደይ ክገዝኡ ከምዝኽእል ፈሊጥና ፡ ብዛዕባ ገንዘብ ዝመጸ ኣዚና ጥንቁቓት ክንከውን ኣሎና ። ስስዐ ፡ ርኽሰት ፡ ሓሶት ፡ ኣብ ልብና ከይርከብ ክንጥንቀቕ ይግብኣና ። እግዚኣሄር መንፈስ ቅዱስ ክንገብሮ ዝነገረና ፡ ክንቅድሶ ዝነገረና ፡ ብሓሶት ከነታልል ከይንርከብ ፡ ዓስቢ ሓሶት ፡ ርኽሰት ፡ ምትላል ፡ ስስዐ ፡ ሞት ጥራይ እዩ እሞ ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ክርስትና ኣዚና ክንጥንቀቕ ይግብኣና እዩ ። ሉሚ ኩላቶም ኣመንቲ ፡ ብፍላይ ከኣ ኣገልገልቲ ኣብ ገንዘብ ዘለዎም ኣረኣእያ ኣዘዩ ጥንቁቕ ኪኸውን ይግባእ ። ሃዋርያ ጴጥሮስ እንተረኣናዮ ንገንዘብ ዘይኰነ ኣድሂቡ ነቲ ልቦም እዩ ዘድሃበ ። ኣገልገልቲ ነቶም ዘገልግልዎም ንልቦም ደኣ እምበር ነቲ ዘምጽእዎ ገንዘብ ክርእዩ የብሎምን ። መንፈስ ቅዱስ ነቲ ኣብ ልቢ ተሓቢኡ ዘሎ እዩ ዝርእይ ። (ዝንበብ ጥቕሲ ዘሌ 10፡1-3, ኢያ 6፡1, ማቴ 13፡47-48, ዮሃ 6፡37, 2ጢሞ 2፡20) ።

--ሻሎም--ወሓዚ ሰላም--

ንሰይትኻ ምህራም

ሕቶ ፡ "ንሰበይትኻ ከተሕርቕካ ከላ እንታይ ክትገብር ኣሎካ፡ ብምህራም ክትቀጽዓ ኣድላዪ ዶ ትብሉ ፡"

ሻሎም ፡ ሰበይትኻ ዘሸገረትካ ሰብ ኢኻ ትመስል ። መጽሓፍ ቅዱስ ንዉሉድካ ቅጽዓዮ ይብል ፡ "ንልቢ ቐልዓ ዕሽነት ተቐራንይዎ ኣሎ ፡ ሽቦጥ መቐጻዕቲ ግና ካብኡ የርሕቖ" ምሳ 22፡15 ። ግናኸ ንሰበይትኻ ብመግረፍቲ ክትቀጽዓ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይነግረናን እዩ ። ቃል ኣምላኽ ንሰበይትኻ ከተፍቅራ እዩ ዝነግረካ ፡ "ንሰኻትኩምውን ከምኡ ነፍሲ ወከፍኩም ነታ ሰበይቱ ኸም ነፍሱ የፍቅራ ፡ እታ ሰበይቲ ውን ንሰብኣያ ትፍርሃዮ ።" ኤፌ 5፡33። ንቐልዓ ክንቀጽዖ ከሎና ፡ ንሱ ዝፈልጦ ነገር ስለዘይብሉ ብመግረፍቲ ጌርና ካብቲ ክፉእ መገዲ ንኣልዮ ኢና ። ንሰበይትኻ ግና ብማህረምቲ ኣይኰንካን ትመልሳ ፡ በቃ ብፍቕሪ እዩ ። ካብኡ ሓሊፍካ ትገብሮ ነገር የለን ።

ገለ ሰብኡት (ኣመንቲ) ፡ ነንስቶም ዝሃርሙ ከምዘለዉ ሓድሓደ ጊዜ ንሰምዕ ኢና ። ወይ ውን 'ሰበይቲ ክትህረም ኣለዋ' ዝብሉ ኣለዉ ። ግና መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል "ባርያ እግዚኣብሄር ንኹሉ ለዋህ ፡ መሃሪ ፡ ዕጉስ ኪኸውን እምበር ፡ ኪብኣስ ኣይግብኦን እዩ ።" 2ጢሞ 2፡24 ። እቲ ኤጲስቆጶስ ኪኸውን ዝደሊ መንቅብ ዜብሉ ፡ ሰብኣይ ሓንቲ ሰበይቲ ፡ ጥንቁቕ ፡ ቀጻዕ ነፍሱ ፡ ኣገባብ ዘፈልጥ ፡ ተቕባሊ ጋሻ ፡ ንምስትምሃር ብቑዕ ኪኸውን ይግብኦ ። ዘይሰከር ፡ ዘይዋቓዕ ፡ ግናኸ ልኡም ፡ ዘይብኣስ ፡ ፈታው ገንዘብ ዘይኰነ ፡ ይብለና 1ጢሞ 3፡2-3። እምበኣር ሓሳብና ክንጥቕልሎ ፡ ምስ ሰበይትኻ ብጥበብን በእምሮን ብፍቕርን ምንባር እዩ ዘድሊ እምበር ፡ ብፍጹም ክትሃርም መሰል ከምዘይብልካ ክትፈልጥ ግቡእ እዩ ። --ሻሎም--ወሓዚ--ሰላም።

ዓምዲ ምስክርነት

ፓስተር ፓርክ - ያንግ ግዩ



ደቡብ ኮርያዊ ፓስተር ፓርክ ያንግ ግዩ ፡ ብህላውነት መንግስተ ሰማይ ኮነ ገሃንም ኣይኣምንን ነበረ ። ንሱ ናይ ሓንቲ 5000 ኣባላት ዘለዉዋ ቤተ ክርስትያን ጓሳ ማሕበር ኮይኑ ንዕስራ ዓመታት ዘገልገለ እዩ ። ፓስተር ፓርክ ኣስታት 150 ዶላር ዝግመት ንብረት ከምኡውን ኣዝየን ዘግየጻ ሓሙሽተ መካይን ዝውንን ነበረ።

ኣብ 19 ታሕሳስ 1987 ፡ ፓስተር ፓርክ ኣስታት 50 ዕድመ ኣቢሉ ነበረ ፡ ድሕሪ ምሳሕ ፡ ከቢድ ዘሸግር ጸር ክስምዖ ጀመረ ። ንሱ ክመውት ከም ዝደለየ ክፍለጦ ጀመረ ፡ ብልዑል ጸቕጢ ደም ውን ሞተ ። ሃለዋቱ ምስ ኣጥፍኣ ፡ ክልተ ዘንጸባርቑ መላእኽቲ ከኣ ናብቲ ንሱ ዘለዎ ክፍሊ ክኣትዉ ከለዉ ተራኣይዎ ። ሞይቱ ምኽኑ ከኣ ነገርዎ ፡ ኣምላኽ ከኣ ንመንግስተ ሰማይን ገሃንም እሳትን ከርእይዎ ለኣኾም ።

ፓስተር ፓርክ ነቶም መላእኽቲ ንጐይታ ክረኽቦ ድሉው ከም ዘይኮነ ነገሮም። ንሱ ፡ ስለቲ ትዕቢተኛን ጨካንን ዝኾነ ዝነብሮ ህይወት ፡ ጐይታ ዝግስጸ ኮይኑ ተሰምዖ ። ራዕራዕ እናበለ ከኣ ነቶም መላእኽቲ ቅድም ጐይታ ክመልሶን ክፍውሶን ለመኖም ። እቶም መላእኽቲ ኣይተቐበልዎን ፡ ነቲ ረሳሕ ክዳኑ ከኣ ኣውጺኦም ፡ ጻዕዳ ልብሲ ከደንዎ ።

ንፓስተር ፓርክ በእዳዉ መንዘዕም ወሲዶም ፡ ብህዋ ተወንጨፉ ። ምድሪ እናነኣሰት ፡ ክሳብ ክትርእ ዘይትኽእል እትኸውን ኮነት ። ናብ ሰማይ ገጾም ክነፍሩ ከለዉ ፡ ፓስተር ፓርክ - ጻዕዳ ልብሲ እተኸድኑ ካልኦት ሰባት ውን ናብ ሰማይ ክኸዱ ከለዉ ረኣየ ።

ፓስተር ፓርክ ፡ እዚኦም እንታዮት እዮም ፡ ኢሉ ነቶም መላእኽቲ ሓተቶም ። እቶም መላእኽቲ ከኣ ፤ “እዚኣቶም ኣብ ጐይታ የሱስ እተኣመኑን ንኣምላኽ ብእሙንነትን ብምሉእ ልቦምን ዘገልገሉ ነፍሳት እዮም ። ሞይቶም እዮም ነፍሶም ከኣ ናብ መንግስተ ሰማይ ትኸይድ ኣላ” በልዎ ።

ፓስተር ፓርክን እቶም መላእኽትን ሰማይ በጽሑ እሞ ኣብ ቅድሚ ዕጹው ደገ ደው በሉ ። ከምዚ ክብል ከኣ ነቶም መላእኽቲ ሓተቶም ፤ “ስለምንታይ እዚ ደገ ዘይከፈተልኩም” በሎም ። ንሳቶም ከኣ ንሱ ሰማያዊ ናይ ኣምልኾ መዝሙር ስለ ዘይዘመረ ምኽኑ ሓበርዎ ። ንሱ ከኣ ፡ ቅድሚ ሕጂ ሰሚዐ ስለ ዘይፈልጥ ሰማያዊ ናይ ኣምላኾ መዝሙር ክዝምር ከምዘይክእል ነገሮም ።

እቶም መልእኽቲ መዝሙር ክዝምሩ ጀመሩ እሞ ፡ ፓስተር ፓርክ ከኣ ምስኦም ኮይኑ ክዝምር ጀመረ ። እቲ ደገ ከኣ ባዕሉ ተኽፍተ ፡ ንሳቶም ከኣ ናብ መንግስተ ሰማይ ብእኡ ኣቢሎም ኣተዉ ።

ፓስተር ፓርክ ንመንግስተ ሰማይ ብቓላት ምድሪ ክገልጾ ኣይከኣለን ፡ ዘይግለጽ እዩ ። ንሱ ንጐይታ እንተዘይረኣዮ እኳ ፡ ከምዚ ክብል ከሎ ግና ሰምዖ ፤ “ኣታ ፍቱወይ ፓስተር ፓርክ ያንግ ግዩ ፡ ይቕበለካ ኣለኹ ። ነዊሕ ጉዕዞ ኢኻ መጺእካ።” ድምጺ ጐይታ ብፍቕርን ብድንጋጸን ዝውሕዝ ነበረ ። ጐይታ ንፓስተር ፓርክ ሓሙሽተ ሕቶታት ሓተቶ ፡ ንሳተን ከኣ ፡ -

- ንኽንደይ ጊዜ ኣብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ተሕልፍ ነበርካ ፤
- ክንደይ ዝኣክል ሞባእ ትህብ ኔርካ ፤
- ክንደይ ሳዕ ንሰባት ወንጌል ትነግር ኔርካ ፤
- ዕሸርካ ብግቡእ ትህብ ኔርካ ዶ ፤

ፓስተር ፓርክ ፡ ነታ ሓሙሽይቲ ሕቶ ክምልስ ኣይከኣለን። ጐይታ ብተግሳጽ ተዛረቦ እሞ ፡ ድሕሪ ናይታ ዓባይ ቤተ ክርስትያን ፓስተር ምስ ኮንካ ፡ ኣዚኻ ሰነፍ ኮንካ ጸሎት ከኣ

ምሉእብምሉእ ሓደግካዮ ። ኣዚኻ ትሑዝ -busy- ምኳንካ ምኽንያት ክኸውን ኣይክእልን እዩ፡ በሎ ጐይታ ። እምበኣር ፡ እቶም መላእኽቲ ናብ መንግስተ ሰማይን ገሃንም እሳትን ከዝርዎ ምኳኖም ፡ ጐይታ ነገሮ ።

እቶም መላእኽቲ ፈለማ ፡ ንፓስተር ፓርክ ናብ ገለ ኣብ ናቱ ሕብረተሰብ ዝነብሩ ዝነበሩ ነኣሽቱ ቆልዑ ወሰድዎ ። ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ሓላዊ መልኣኽ ኣለዎ። እቶም ቁልዑ ናይ ብሕቶም ቤት ኣይነበሮምን እሞ ፡ ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝኾነ ፓስተር ፓርክ ክፈልጥ ሓተተ ። ሓደ ካብቶም መላእኽቲ ከኣ ከምቲ ኣብ ምድሪ ሰብ ቤት ንኽሰርሕ መሳርሒ ዘድልዮ ፡ መላእኽቲ ውን ንሰብ ሰማያዊ ቤት ክሰርሕሉ መሳርሒ ከም ዘድልዮም ፡ ሓበሮ ።

እቲ መልኣኽ ምግላጹ ከጸለ ፡ እዞም ቁልዑ ጌና ዕድመ ከየቑጸሩ ስለ ዝሞቱ ፡ ንሰማይዊ ቤት መስርሒ ዝኾኖም ሰናይ ግብሪ ዝገብሩሉ ጊዜ ኣይረኸቡን ። ስለዚ እዩ ኣብ ሰማይ - ናይ ገዛእ ርእሶም - ቤት ዘይብሎም ።

ፓስተር ፓርክ ንኽፈልጥ ዝሓቶ ሕቶታት ቐጸለ ፡ እኹል ዝኾነ መስርሒ ሰማያዊ ቤት ንኽተደላኡ እንታይ ክትገብር ከምዘሎካ ፡ ሓተተ ። - ነዚ ነገር ዘድሊ- ሸውዓተ ነገራት ከም ዘሎ ምላሽ ረኸበ ፡ ንሳቶም ከኣ

- ጊዜ ኣብ ምስጋናን ኣምልኾ ንጐይታን ምውሳድ ።
- ጊዜ ኣብ ጸሎት ምውሳድ ።
- ጊዜ ኣብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ምውሳድ ።
- ጊዜ ኣብ ወንጌል ምንጋር ምውሳድ ።
- ሞባእ ምሃብ ።
- ዕሸር ንጐይታ ምሃብ ።
- ንቤተ ክርስትያን ኣብ ምግልጋል ጊዜ ምውሳድ ።

ፓስተር ፓርክ ካብ ብዙሒ ህንጥዩነቱ እተላዕለ ፡ እቶም ቁልዑ ናይ ገዛእ ርእሶም ቤት ካብ ዘይሃለዎም ኣበይ ከምዝነብሩ ፡ ክፈልጥ ሓተተ ። ኣብቲ ዝነበርዎ ገነት ዕማባባታት ከምዝነብሩ ፡ ተነግሮ ። እቲ ገነት ኣዝዩ ጽቡቕን መኣዛ ዘለዎን ፡ እቲ ኩነታት ፓስተር ፓርክ ብቓላት ሰብ ክገልጾ ኣይከኣለን ።

ቀጺሉ ፡ ንሱ ናብቲ እቶም እሙናት ንጐይታ ብምሉእ ልቦም ዘገልገሉ እኹላት ሰባት ናብኣም በጽሐ ። ቤት ናይዞም ሰብ ከኣ ብጽቡቕን ዘንጸባርቕን ኣእማን እተሃንጸ እዩ ። እቲ ቦታ ማእከል ከተማ መንግስተ ሰማይ እዩ ዝመስል ። ናይ ገሊኣም ቤት ከምቲ ክሳብ ነዋሕቲ ርሻናት ምድሪ እዩ ዝንውሑ ።

እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰብ ንኣሽቱ እዮም ዝመስሉ ፡ ጸታኦም ድማ ኣይልለን እዩ፡ ኣብ ሰማይ ጸታ የልቦን ። ማንም ዝሓምም ወይ ስንኩል የለን ።

ፓስተር ፓርክ ንሓደ ዝፈልጦ ዝነበረ ፡ ወዲ 65 ሓሙሽተን ዕድመ ዝሞተ እዩ። ንሱ ሓጺር ሰብኣይ ብሕማም ርኬትስ ዝሳቐ ዝነበረ ሰብ እዩ ። ብዙሕ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኮመንታሪ ዝጽሓፈ ሰብ እዩ ። ኣብ ሰማይ፡ ንሱ ሓጺር ወይ ሕሙም ኣይነበረን ፡ ንሱ ነዊሕ ጽቡቕን ጥዕናኡ ምሉእን ነበረ ።

እቶም ቅዱሳን ኣብ ጽቡቕ ቤት ይነብሩ ነበሩ ። እቶም ዝዓበየን ኣዝዩ ዝጸበቀ ቤት ዝነበሮም ኣብ ሰማይ ፡ ዲዋይት ሙዲይ ፡ ጆን ዌስሊ ፡ ሓደ ኢታልያዊ ወንጌላውን ፡ ሓደ ኮርያዊ ፓስተር ቾ ጋን ናንግ ዝተባህለን ። እቶም መላእኽቲ ንፓስተር ፓርክ ከምዚ በልዎ ፡ እዞም ኣርባዕተ ንኹሉ ህይወቶም ንወንጌል ዝወፈዩ እዮም ፡ ንጐይታ ከኣ ንብዙሕ ፍረ ዝፈረዩ ሰባት እዮም ።

ሓደ ኮርያዊ ኣማኒ ኣዝዩ ዓቢ ቤት ዝነበሮ ሰብ ድማ ፡ ረኣየ ። ንሱ ኣብ ምድሪ ብዙሕ ቤተ ክርስትያን ዝሰርሔ ፡ ንድኻታትን ንዝጠመዩ ዝመገበ ፡ ንብዙሓት ጓሶትን ሽማግለታት ቤተ ክርስትያን ብገንዘቡ ዝረድኣ ፡ ንብዙሓት ተምሃሮ ከኣ ንኣገልግሎት ዝኸውን ገንዘብ ዝኸፈለሎም እዩ። ንሱ ንሓደ ሽማገለ ፓስተር ናብ ቤቱ ወሲዱ ብዙሕ ዝኣለዮ ፡ እዩ ። ነዚ ኹሉ ዝገበረኳ እንተኾነ ፡ እታ ናቱ ቤተ ክርስትያን ሰጒጋቶ እያ ።

ኣብዛ ፍልይቲ ጊዜ ፡ እቶም መላእኽቲ ንፓስተር ፓርክ፡ ናብ ሰማይ ዝመጸ ገለ መስርሒ ቤት ኣርኣይዎ ። እቲ መሳርሒ ናይ ሓንቲ ድኻ ድያቆን ካብ ሓንቲ ንእሽቶ ቤተ ክርስትያን ድቡብ ኮርያ ዝመጸ ምኳኑ ፡ ሓበርዎ ። እቶም መላእኽቲ ከምዚ በልዎ ፡ እዛ ድያቆን ናብቲ ናይ ወጋሕታ ጸሎት እናኸደት ን87 ኣባላት ቤተ ክርስትያን መዓልታዊ እያ እትጽልየሎም ፡ ንሳ ጸሎታ ምስ ወድኣት ፡ ነቲ ቤተ ክርስትያን ተጽርዮ ። በዛ መዓልቲ ጓላ ሒደትገንዘብ ሃበታ ፡ ንሳ ግና ንገዛእ ርእሳ ዘይኰነት ኣጥፊኣቶ ፡ ሓሙሽተ እንቃቕሑን ክልተ ጽምዲ ካልስታትን ንፓስተር ገዝኣትሉ ።

ፓስተር ፓርክ ነቲ ኮርያዊ ሽማግለ ማሕበር ዝነበረ ፓስተር ቾ ረኸቦ ፡ ካብቶም ካልኦት ኮርያውያን ሽማግለታትን ድያቆናትን ኣዝዩ ዝበለጸ ቤት ኣብ ሰማይ ነበሮ ። ናቱ ቤት ካብቲ ናይ ኮርያ ዝነውሐ ርሻን ካብኡ ይነውሕ ። ቾ ኣብ ኮርያ ብዙሓት ቤተ ክርስትያን ብገንዘቡ ዝሃነጸ ፡ ሰብ እዩ ።

ቀጺሉ ፓስተር ፓርክ ዝበጽሖ ቤት ፡ ናብቶም ዝደሓኑ ሰባት ግና ንምድሓኖም ምንም ነገር ዘየርኣዩ ሰባት ፡ በጽሐ። ፓስተር ፓርክን እቶም መላእኽትን ናብ ሓደ ፈጣን ዝኾነ ሰረገላ ዝጋልብ በጽሑ ። እቲ ቦታ ካብቲ ጽቡቕ ስፍራታት ሰማይ ኣዝዩ ርሑቕ ነበረ ። ኣብኡ ጽቡቕ ስፍራ ኣይነበረን ። እቶም ሰባት ኣብ ሓደ ዓቢ ገጠር ዝመስል ካብቶም ናይቶም እሙናት ነፍሳት ኣዝዩ ዝገፍሕ ስፍራ ፡ ኣብኡ ይነብሩ ነበሩ ።

እቲ ኣብኡ ዝነበረ ቤት ፡ ናይቶም ንምድሓኖም ምንም ነገር ዘየርኣዩ እዩ ። ንሳቶም ኣብ ኣዝዩ ዝኣረገን ገጅፍን ጸፊሕ ቤት ነበሩ ። ፓስተር ፓርክ ንእኡ ክርኢ ከሎ ፡ ገፊሕ ናይ እንዳ ደርሁ ቤት ወይ ገለ መኻዚኖ ፡ ዘከረ ።

እቶም መላእኽቲ ንፓስተር ፓርክ ናብ ክልተ ዓበይቲ ቤት ብፓስተራት ዝመልኡ፡ ንሳቶም ንጐይታ እሙናት ዘይነበሩ እዮም ። እቲ ክልተ ቤት ኣዝዩ መጋህለል ነበረ ። ኣሸሓት ፓስተራት ፡ ሽማግለታት ቤተ ክርስትያን ፡ ድያቆናት ፡ ካልኦት መራሕቲ ቤተ ክርስትያንን ኣብኡ ክነብሩ ፡ ረኣየ ። ክዳውንቶም ድማ ረሳሕ ነበረ ። እቲ ስፍራ ናይ ደርሁ ዝነብራሉ መሲሉ ተራእዮ ።

ፓስተር ፓርክ ፡ ኣብኡ ዝሓለፉ ኣዝዮም ህቡባት ፓስተራት ዘከረ ። ሓደ ፍሉጥ ኮርያዊ ፓስተር ንጐይታ ብዙሕ ዕዮ ዝሰርሐ ፡ ረኣየ ። ፓስተር ፓርክ ፡ እቲ ፓስተር ስለምንታይ ኣብኡ ከምዘሎ ፡ ንምንታይ ኣብቲ ካልእ ጽቡቕ ስፍራ ዘይኾነ፡ ክርድኣ ኣይከኣለን ።



ሓደ ካብቶም መላእኽቲ ፡ እቲ ፓስተር መህነጺ ንሰማይዊ ቤት ዝኸውን ምንም ከምዘይቀረበ ፡ ሓበሮ ። ንሱ ክኸብር ዝፈቱን ፡ ክግልገልን ብህዝቢ ክምስገንን እዩ ዝፈቱ ነይሩ ። ንሱ መስዋእቲ ክወስድ ወይ ባርያ ክኸውን ዘይደሊ እዩ ነይሩ ። ስለዚ እዩ ኣብዚ ስፍራ ዘሎ ፡ በሎ ።

ካብ ኣዝዩ ህንጡይነት ፡ ፓስተር ፓርክ ናቱ ቤት ኣብ ሰማይ ክርእያ ደለየ ። እቶም መላእኽቲ ቤቱ ኣብ መስርሕ ምህናጽ ከምዘላ ሓበርዎ ። ንሳቶም ናብ ሰረገላ ኣትዮም

ካብቲ ስፍራ ሰማይ ኣርሒቆም ተጓዕዙ ። እቲ ስፍራ ጌና ኣብ መስርሕ ምምዕባል ዘሎ እዩ ዝመስል ። ፓስተር ፓርክ ዋላኳ እቲ ኹሉ ንጐይታ ዝገበሮ እንተሃለወ ፡ ንምንታይ ቤቱ ጌና ኣብ ምህናጽ ከምዘላ ክርድኡ ኣይከኣለን ።

ፓስተር ፓርክ ኣብ ምድሪ ፡ ነታ ሓንቲ ቤቱ ሸይጡ ቤተ ክርስትያን ዘስርሐ ሰብ እዩ ፡ እታ ቤተ ክርስትያን ከኣ 5000 ኣባላት ዘለዉዋ እያ ። ንሱ ብዙሕ ብመንፈስ ቅዱስ ተደሪኹ ብዙሕ መጽሓፍቲ ዝጽሓፈ ሰብ እዩ ። ሓንቲ ካብ መጽሓፍቱ ኣዝያ ብብዝሒ እተሸጠት እያ ። በቲ ሸያጥ መጽሓፍ ገይሩ ሓደ ቤት ትምህርታት መጽሓፍ ቅዱስ ዘስርሐ ፡ ካብተን ንሱ ዘስርሐን ቤት ትምህርትታት ፡ 240 ፓስተራት ዘፍረየት እያ ። ንሱ ፡ ን400 ድኻታት ቄልዑ ናይ ላዕለዋይ ማህደረ ትምህርቲ ስኮላርሺፕ ዝሃበ እዩ ። ንሱ ንድኻታት መበለታት ቤት ሃኒጹለን እዩ ። እዚ ኹሉ ጌሩ ከሎ ፡ ቤቱ ጌና ዘይተወድአት ብምኽና ኣይተረድኣን ።

እቶም መላእኽቲ ከምዚ ኢሎም ሓበርዎ ፡ ንሱ ንቤቱ መፈጸምታ ዝኸውን እኹል መስርሒ ከምዘይልኣኸ ሓበርዎ። ምኽንያቱ እቲ ኹሉ ዝገበሮ ፡ ካብ ሰብ ክብሪ ክረክብን ክምስገንን ብሰባት ከኣ ተቐባልነት ክረክብን ኢሉ እዩ ። ስለቲ ጽቡቕ ግብሩ ፡ ማዕከናት ዜና ከይተረፉ ኣኽቢረንኡ እየን ። ስለዚ እዩ እቲ ኹሉ ጽቡቕ ግብሩ ከንቱ ዝኾነ ፡ ምኽንያቱ ንኽብሪ ኣምላኽ ዘይኮነስ ፡ ንሱ ንእኡ ከም ሰብ ንኽብሩ እዩ ነይሩ ።

ፓስተር ፓርክ ናብታ ዘይተወድአት ቤቱ ምስኣተወ ፡ ኣብ ሓደ መንደቕ ናይቲ ክፍሊ ፡ ክልተ እተንጠልጠላ ምስክር ወረቐት ረኣየ ። እታ ቐዳመይቲ ፡ ወዲ 18 ዓመት ከሎ ዝገብሮ እትገልጽ እያ ። ኣብቲ ጊዜ ፡ ሓደ ብቐሪ ዝነቀጥቀጥ ሽማግለ ሰብኣይ ረኣየ እሞ ፡ ጀኬቱ ኣውጺኡ ነቲ ሰብኣይ ሃቦ ። በዛ ዝገበራ ግብሪ ኣብ ሰማይ ዓስቢ ረኸበ። እታ ካልኣይቲ ምስክር ወረቐት ከኣ ፡ ንእኡ ነቲ ሰብኣይ ብዝነበርኦ ሓደት ገንዘብ ባኒ ገዚእሉ ነበረ ።

ብድሕርዚ ፡ እቶም መላእኽቲ ንፓስተር ፓርክ ሒዞም ናብቲ ገሃንም እሳት ኣምርሑ ። ብግዝፊ ናይ ገሃንም ኣዝዩ ተገረመ ፡ ገሃንም ካብ ምድሪ ዓሰርተ ዕጽፊ ትገዝፍ ። ፍርቂ ናይ ገሃንም ቀይሕ ሕብሪ ኣለዎ ፡ ዝተረፈ ከኣ ጸሊም ሜዳ እዩ ። እቶም መላእኽቲ ከምዚ ክብሉ ሓበርዎ ፡ እቲ ቀይሕ ክፋል ዝነድድ ድን ሓዊ እዩ፡ እቲ ጸሊም ከኣ ፈጺሙ ጸልማት እዩ ። ሰብ ኣብ ክልቲኡ ክፋላት ሲኦል ይሳቐዩ ነበሩ።

ፓስተር ፓርክ ፡ ኣብ ገሃንም ክንደይ ሰባት ከም ዘለዉ ክፈልጥ ደለየ ። ምላሽ ናይዚ ፡ ንነፍሲ ወከፍ ናብ መንግስተ ሰማይ ዝኸደት ነፍሲ ፡ ሓደ ሽሕ ነፍሳት ናብ ገሃንም ይኸዱ ፡ እቲ መጠን ነ ን 1000 እዩ ።

መጀመርታ እቶም መላእኽቲ ንፓስተር ፓርክ ናብቲ ቀይሕ ክፋል ገሃንም ወሰድዎ ። ንሱ ነቲ ቦታ ክገልጸሉ ዝኽእል ቃላት ሰኣነ ። ሓደ ካብቶም መላእኽቲ ከምዚ ክብል ሓበሮ ፡ እዚኣቶም ብየሱስ ክርስቶስ ምእማን ዝኣበዩ ወይ ውን ብየሱስ ኣሚኖም እዮም ግን ካብ ሓጢኣቶም ኣይተነስሑን ።

ፓስተር ፓርክ ብዙሓት ፓስተራት ፡ ሽማግለታት ቤተ ክርስትያን ፡ ድያቆናት ፡ ከምኡውን ካልኦት ኣመንትን ኣብ ገሃንም ረኣየ ። ንሳቶም ድሕሪ ምሟቶም ናብ ሰማይ ከምዝኸዱ ተረድኣ ። ንሳቶም ንምንታይ ናብ መንግስተ ሰማይ ክንዲ ዝኸዱ ናብ ሲኦል ከም ዝመጹ ፡ ክፈልጥ ደለየ ።

ሓደ ካብቶም መላእኽቲ ከምዚ እናበለ ኣረድኣ ፡ ዋላኳ እዚኣቶም ኣብ ምድሪ ንኣምላኽ ብጽቡቕ እንተኣገልገልዎ ፡ ካብ ሓጢኣቶም ኣይተነስሑን ። ንሳቶም ብደጊኦም ጽቡቕ ዘለዎምን ሓቀኛታት ክርስትያናትን እዮም ዝመስሉ ፡ ግናኸ ብልቦምሲ ምስ ኣምላኽሲ ቅኑዓት ኣይነበሩን ፡ ንሳቶም ሕቡእ ሓጢኣት ነበሮም ። ብዙሓት ዕሸሮም ብግቡእ ኣይህቡን ፡ ኣይጽልዩን መጽሓፍ ቅዱስ ኣየንብቡን ፡ ወንጌል ውን ኣይነግሩን ። ካልኦት ከኣ ነቶም ስልጣን እተዋህቦም ፓስተራቶም ኣጸለሙን ተቓወሙን ።

ፓስተር ፓርክ ንሓደ ንክርስትያናት ዘሳድድን ንብዙሓት ካብኣም ዘሰየፈን ኮርያዊ ንጉስን ንሓንቲ ንግስትን፡ ረኣየ ። ንሳቶም ኣብቲ ማእከል ኣዝዩ ዝሞቐ ስፍራ ኣብኡ ነበሩ ። ንሱ ኣብኡ ንኣዶልፍ ሂትለር ፡ ጆሴፍ ስታሊን ፡ ማኦ ዘዶንግ ፡ ንሓደ ካብ ሰሜን ኮርያ ዝኾነ ህቡብ ፓስተር ካንግ ዝተባህለ ፡ ንሓደ ህቡብ ጃፓናዊ ሓርበኛ ፡ ካልኦት ውን ብዙሓት ሰብ ረኣየ ።

ኣብ መጨረሻ ፡ ፓስተር ፓርክን እቶም መላእኽትን ኣብቲ ኣዝዩ ጸልማት ክፍሊ ገሃንም በጽሑ ። እቲ ስፍራ ኣዝዩ ጸልማት ነበረ እሞ ፡ ንሱ ምንም ክርኢ ኣይከኣለን ። ካብቶም መላእኽቲ ግና ባና ብርሃን ኣንጸባረቐ ፡ ንሱ ከኣ ኣብኡ እንታይ ይኸውን ከም ዘሎ ክርኢ ከኣለ ።

ንሱ ኣብኡ ፡ ብዙሓት ክዳን ዘይብሎም ዕሩቓት ሰብ ፡ ብዘሎ ኣካላቶም ከኣ ለመም ብዝብሉ ሓሳኹ እተኸድነ ፡ ረኣየ ። ሓደ ካብቶም መላእኽቲ ከምዚ እናበለ ገለጸሉ ፡ እዚኣቶም ኣብ ምድሪ ጽቡቕ ስራሕ ፡ ሃብቲ ፡ ቤት ፡ ጽቡቕ ክዳን ፡ ጽቡቕ መግቢ ፡ ከምኡውን ምቾት ዘለዎ ናብራ ነበሮም ። ግና ንሳቶም ርእሰሰ ፍትወት ነበሮም ፡ ንኣምላኽ፡ ንድኻታት ፡ ወይ ውን ን ቤተ ክርስትያን ኣይህቡን ነበሩ። ምንም ጽቡቕ ግብሪ ኣይገበሩን ። ንሳቶም ኣዝዮም ቢቃቕት፡ ስሱዓት ፡ ንእሶምን ንቤተሰቦምን ጥራይ እዮም ዝግደሱ ዝነበሩ ። ስለዚ እዩ ፡ ከብዶም ብስስዐ ዝመልአ ስለዝኾነ ሕጂ ዝብሳዕ ዘሎ ።

ፓስተር ፓርክ ፡ ገሊኦም ሰብ ርእሶም ብበሊሕ መጋዝ ተመጊዙ ፡ ናብ ደቂቕ ክቕረጽ ከሎ ረኣየ ። ንሱ ፡ ክሳብ ክንድዚ ንሳቶም ዝስቀዩ ዘለዉ ስለምንታይ ምኽኑ ፡ ክፈልጥ ደለየ ። ሓደ ካብቶም መላእኽቲ ከኣ ፡ እዞም ሰብ ዝበዝሐ ህይወቶም ክፉእን ዘይንጹህን ነገራት ክሓስቡ ዘመኖም ዘሕለፍዎ እዮም ፡ በሎ።

ቀጺሊ ፡ ፓስተር ፓርክ ፡ ብዙሕ ሰብ ብደቂቕ ክኽተፉን ክቕረጹን ከለዉ ፡ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ትርኢት ረኣየ ። ንሱ ፡ እዞም ሰብ ክሳብ ክንድዚ ዝስቀዩ ዘለዉ ንምንታይ ምኽኑ ክፈልጥ ደለየ ። እዞም ሰብ ርእሰ-ፍትወት ዘለዎም ሽማግለታት ቤተ ክርስትያንን ድያቆናትን ኣብ ቤተ ክርስትያኖም ከገልግሉ ዘይደልዩ ፡ ምኽኖም ተነግሮ ።

ፓስተር ፓርክ ካልኦት ሽማግለታት ቤተክርስትያን ፡ ድያቆናትን ዝወደቕ መራሕትን ኣብኡ ብኢጋንንቲ ክሳቐዩ ረኣየ። እቶም ኢጋንንቲ ንእኣቶም ኣብ መልሓሶም በሲዖም ብኻሬንቲ ንሓድሕዶም ኣቐራንዮም ኣሰርዎም ። ቀጺሎም እቶም ኢጋንንቲ በቲ ኻሬንቲ ይጐትዎም ነበሩ ።

ፓስተር ፓርክ ነዚ ምላሽ ክረክብ ደለየ ፡ ካብቶም መላእኽቲ ሓደ ከኣ ፡ እዞም ሰብ ንፓስተራቶም የጸልምዎም

ነበሩ ፡ ላሉታዊ ነገራት ከላ ብዛዕባኡም ይዛረቡ ነበሩ ። ካልኣይ ፡ ነታ ማሕበር ጐይታ የሱስ የዋርዱ ነበሩ ። ሳልሳይ ፡ ንካልኦት ክርስትያናት ውን እናኣጨነቐ ክሳብ ናብ ቤተ ክርስትያን ከም ዘይከዱ ዝኹኑ ይገብሩ ነበሩ ። ንሳቶም ነቶም እሙናት ክርስትያናት ክሳብ ንጐይታ ከም ዘየገልግሉ ይገብሩ ነበሩ።

ኣጋንንቲ ንገለ ሰብኡትን ኣንስትን ፡ ብዓቢ በሊሕ መርፍእ ዝመስል ንኽብዶም ክበስዕዎም ከለዉ ረኣየ። እቶም መላእኽቲ ከምዚ ሓበርዎ ፡ እዚኣቶም

ከይተመርዓዉ ክነሶም ብሓንሳብ ዝነብሩ ዝነበሩ እዮም ፡ ንሳቶም ካብ ሓጢኣቶም ኣይተነስሑን ። ብተወሳኺ እዞም ሰብ ፡ ብምንጻል ጥንሲ ውን ሓጢኣተኛታት እዮም ።

ፓስተር ፓርክ ብተወሳኺ ፡ ኣጋንንቲ ንከናፍር ካልኦት ሰብ ከም ንሲጋ ወይ ንሓምሊ ክኸትፍዎ ከለዉ ፡ ረኣየ ። ናይዚ ምላሽ ከኣ ፡ ሓደ ካብቶም መላእኽቲ ከምዚ በሎ ፡ እዚኣቶም ንወለዶም ዘየኽብሩ ፡ ነዝማዶም ዝሓምዩን ዝጸርፉን እዮም ። ስለዚ'ዩ መልሓሶም ከም ቀጸላ ዝምተር ዝነበረ ።

እቶም መላእኽቲ ንፓስተር ፓርክ ከምዚ በልዎ ፡ ስድራኡ ናብ ኣምላኽ ብብዙሕ ጓህን ሓዘንን የእውዩ ስለ ዘለዉ ፡ ኣምላኽ ንሒደት ተወሳኺ ጊዜ ኣብ ምድሪ ህያው ኮይኑ ፈቒድሉ ከምዘሎ ፡ ሓበርዎ ። ንሱ ኣብ ምጥፋእ ህልያዩ ስለ ዝነበረ ፡ ሓካይም ቁሩብ ተስፋ ሂቦም ፡ ጸኒሑ ግና ከም ዝመውት ፡ ሓበርዎም ። ፓስተር ፓርክ ፡ ስለቲ ዝነበሮ ኩነታት ንዝቕጽል ኣርባዕተ ዓመታት ክዛረብ ኣይከኣለን ።

ፓስተር ፓርክ ፡ ድሕሪ ምሕዋዩ ፡ ደጊሙ ከምቲ ናይ ቀደሙ ኣይነበረን ። ብዘይካ ንኣምላኽን ንካልኦት ሰብን ምግልጋል እንተዘይኮይኑ ኩሉቲ ናይ ዓለም ዋጋ ዘይብሉ ከምዝኾነ ተረድኡ ። ፓስተር ፓርክ ንዘለዎ 150 ዶላርን ንኹሉ ንብረቱን እንተላይ እተን ሓሙሽተ መጋየጺ መካይኑን ክዳውንቱን ወፈዮ ። ንሱ ፡ ምድራዊ ንብረት ንኻልኦት ብዘድልዮም ንምርዳእን ንኽብሪ ኣምላኽን እንተዘይኮይኑ ረብሓ ከምዘይብሉ ፡ ኣረጋገጸ ።

ኣብዚ እቲ ዘገድስ ፡ እዚ ምስከርነት ሓቂ ድዩ ወይስ ሓሶት ድዩ ፡ ዝብል ኣይኰነን ። እቲ ዘገድስ ፡ ድሕሪ ሞትካ ናበይ ኢኻ ትኸይድ ዝብል እዩ ። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ ፡ ስለዚ እዩ ነዚ ጉዳይ ንኣና ከጠንቅቕርና ኢሉ ዝገለጸልና ፡ ንሱ ንኣና ኣብ ገሃንም ወይ ኣብ ሰማይ ክንሓፍር ኣይደልን እዩ ። እዚ ታሪኽ ነቶም ብጐይታ የሱስ ዘይኣመኑ ፡ መጠንቀቕታ እዩ ። የሱስ ንኹሉ ዕዳ ሓጢኣትካ ከም

ዝኸፈለልካ ዘይኣመንካ እንተኾንካ ፡ ዘለኣለምነትካ ኣብ ገሃንም እዩ ክኸውን ። ካልኣይ ድማ ፡ እዚ ታሪኽ ነቶም ክርስትያናት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ብቕንዕና ዘይመላለሱ ፡ ንእኣም መጠንቀቕታ እዩ ። ስለዚ ፡ ንኣኻ ውን ይምለከተካ እንተኾይኑ ፡ ከይደንጐኻ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ናይ ቅድስና ህይወት ምንባር ቅድሚ ምጅማርካ ፡ ክትንሳሕ ከድልየካ እዩ ። ምንጪ ፡ Supernaturally Connected Ministries International (SCMI),



ነዚ ጽሑፍ ኣንቢብኩም ተባሪኽኩም ክትነሱ ጸሎትና እዩ ፡
ፍቓድኩም እንተኾይኑ እንተወሓደ ናብ ሓደ ሰብ ኮፒ ፡
ፕሪንት ፡ ፎርዋርድ፡ ሼር ኢት፡ ጌርኩም ኩተመሓላልፍዎ ንምሕጸንኩም ።
እግዚኣብሄር ይባርኽኩም ።

Shalom
Tigrinya Ministry .

